# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.195 | ረቡዕ 16 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
መንገዲ ባሕሪ በየን ኮን ይኸውን?


ገጽ 4
ሚረር ካርፕ


ገጽ 8
ዓንኬል ሓሳባት


ገጽ 11
ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ይቕጽል


## ኣምባሳደር ሶፊያ፡ ኣብ ኣኼባ ጉጅለ መሓዙት ቻርተር ው/ሕ/ ሃገራት መደረ ኣስሚዓ




ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም፡ ብ14 ሚያዝያ ኣብ ሞስኮ - ሩሲያ ኣብ ዝተኸፍተ 3ይ ኣኼባ ጉጅለ መሓዙት ንምክልኻል ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ርእይቶን መርገጽን ኤርትራ ዘጽር መደረ ኣስሚዓ።

3ይ ኣኼባ ጉጅለ መሓዙት ንምክልኻል ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ እንኮ ቐጽራዊ ስርዓት፡ ህልውን ዝቐልቀል ዘሎን ኣህጉራዊ ቅልውላዋት ክፊትሕ ከምዝይክእል ኣብ ዝተረጋገጸሉ ወሳኒ ናይ ምስግጋር እዋን ይቃናዕ ከምዘሎ ዝጠቐሰት ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ዘይፍትሓዊ ስርዓት፡ ሃገራትና ብቐንዱ ድማ ሃገራት ደቡባዊ ንፍቀ-ክቢ፡ ግዳይ ዕብለላ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባውን ካልእን ረብሓታት ውሑዳን ሓያላን ኰይነን ምጽንሐንን ምህላወንን ኣገንዚባ።

ይኹን'ምበር፡ ህልው ዓለማዊ ምዕባለታት፡ እዚ ቁናን ኣህጉራዊ ስርዓትን ትካላቱን ድሕሪ ደጊም ሩሕ ከምዘይብሎም ዘጉህድ ስለዝኾኑ፡ ኩለን ሃገራት ግቡእ ተርኣን ንኽጻወታን ንኽተሓባበራን ምዕሩይ ዕድላት ንዘፈጥር ብዙሓዊ ስርዓት ዓብ ክርሑ ከምዝኾኖ ዝጠቐሰት ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ኣብ'ዚ ወሳኒ መድረኽ፡ ጉጅለ መሓዙት ንምክልኻል ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ መራሕነት ናይ'ቲ ናብ'ዚ ፍትሓዊ፡ ሰላማውን ወኻልን ኣህጉራዊ ስርዓት ዝወስድ ጉዕዞ ክሽሩና ከምዝኾኖ ኣስሚራትሉ።

ኣምባሳደር ሶፍያ ኣስዒባ፡ ከም ገለ ኣባላት ናይ'ዚ ጉጅለ፡ ኤርትራ'ውን ብተደጋጋሚ ግዳይ ናይ'ቲ ንሃገራት ካብ ምዕባለን ብልጽግናን ዝሕርም ዘይሕጋውን ዘይሓላፍነታውን በይናዊ ኣስጉዳዲ ስጉምቲታት ኰይና ምጽናሓን ትቕጽል ከምዘላን ብምሕባር፡ ከም'ዚ ዝበለ ኩሉ ዓይነት ስጉምቲታት ክሽሞንን ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክለዓልን ጸዊዓ።

## ዓንሰባ - መስርሕ ምጥርናፍ ዓድታት ንምትግባር ተዘትዩ



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ መዓልዲ - ንኡስ ዞባ ዓዲተክሌዛን፡ ፋሕ ኢሉ ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ተጠርኒፉ ተረባሒ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንክኸውን ብዕቱብ ክሰርሕ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ጸዊዑ።

ኣምባሳደር ዓብደላ፡ ኣብቲ ምስ ህዝቢ ዝገበሮ ርክብ፡ ጥርናፈ መሰረት ርጉእ ህይወትን ምዕባለን ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ህዝቢ ተጠርኒፉ ተረባሒ ዕድላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክኸውን ስለዝኾነ፡ ኣብ ከባቢ ሕሩም ሕዞእቲ ስሜናዊ ባሕሪ ፋሕ ኢሎም ክነብሩ ዝጸንሑ ዜጋታት ምጥርናፍ፡ ናይ ቀዋምነታት ቀዋምነት ተዋሂብዎ ዝሰራሓሉ ዘሎ መደብ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ ትምህርቲን ጥዕናን ዘሎ ሕጽረታት በብእዋኑ ንምፍታሕ ክሰርሕ ምጽንሑ ዝሓበረ ኣምባሳደር ዓብደላ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ንምርግጋጽ ብኸም ንዘተሰላሰለ ንጥፈታት ብምምጓስ፡ ንምድርዑን ንምምሕያሹን ክሰርሕ ተማሕጺኑ።

ንኣገልግሎት ቀረብ ዝስተ ማይ ብዝምልከት ድማ፡ ባዕሉ መዐደሊ ንቕጣን ተሰሪሑ ማስመራት ይዝርጋሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲተክሌዛን ኣቶ የማን ሙብራህቱ ብወገኑ፡ ናይ ምጥርናፍ መደባት ንምዕዋት፡ ምስ ኩሉም ዝምልከቶም ኣካላት ብምውህሃድ ይሰርሕ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ምምሕዳር ከባቢ መዓልዲ፡ ካብ ዓዲተክሌዛን ንሸነኽ ምብራቕ 20 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።

## ዓዲ ቐይሕ - ኣብ ን/ዞባታት ንዝነጥፉ ኣካየድቲ ሃማመተኤ ስልጠና ተዋሂቡ




ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ኣብ ውዳብ መንእሰያት ንዝነጥፉ፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ጾሮና፡ ማይ-ዓይኒ፡ ደቀምሓረ፡ ሰንሒት፡ ዓዲ-ቐይሕን ሰንዓፈን ዝተዋጽኡ 73 መንእሰያት፡ ኣብ ምሕደራን መራሕነትን ዘተኰረ ስልጠና ብ10ን 11ን ሚያዝያ ተዋሂቡ።

እዚ ካብ 111 ምምሕዳራት ከባቢ ዝመጽኡ ሓደስቲ ወከልቲ ሃማመተኤ ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ናይ ምሕደራን መራሕነትን ብቕዓቶም ክብ ብምባል፡ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ንምስፋሕ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ገዲ-ገዲ'ቲ ናይ ምውዳብ መንእሰያት ንጥፈታቶም፡ ንመንእሰያት ኣብ ምምእዛን ከም'ኡ'ውን ኩብርታት ሕብረተሰቦም ኣብ ምኽሳኡን ምስጋገርን ኣበርክቶ ክገብሩ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠንቲ፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕን ከባቢኣን ዝሳለል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዛብ ዑደት ከምዝተገብረ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ዜና

# ተሰነይ - ፎሮ፡ ቅነ ውዳበታት ሃማመተኤ ተኻዪዱ

ብ12ን 13ን ሚያዝያ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ድማ ቅነ ውዳበታት ሃማመተኤ ተኻዪዱ።

በዚ. መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ "ተመሃራይ ዝማእከለ ወህደት ንትምህርታዊ ዕብየት" ብዝብል ቴማ ክካየድ ዝቐነየ ቅኑ ብልዑል ደምቀት ተዛዚሙ።

ኣብ ቅኑ ቁሸት ትምህርቲ፣ ምህዞን ሰንዓን ቅዲን ምርኢትን ኣልባሳት፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ዘጠቓለለ ምንባሩ ዝሓበረ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሱራፌኤል ክፍለገርግሽ፡ ተመሃሮ ዘንጸባረቕዎ ብቕዓት - ውጽኢት ሓያል ጻዕሪ መምህራንን ወለድን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ገብረእየሱስ ብወገኑ፡ ቅነ ተመሃሮ - ብዝቐለለ ኣገባብ ግብራዊ ፍልጠት ዝድለበሉ ሜላ ብምኻኑ፡ ኣብ መጻኢ. ዝያዳ ክሰፍሕን ክምዕብልን ኣዘኻኺሩ።

ብኻልእ ወገኑ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣብ ምምሕዳር ሮብሮብያ ዝተኻየደ ቅኑውዳበታት ሃማመተኤ፡ ስፖርታዊ፣ ትምህርታውን ባህላውን ውድድራት፡ ከምኡ'ውን ምርኢትን ሰሚናራትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ዑስማን ኣሕመዲን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ - መንእሰያት ተመክሮታት ዝለዋወጡሉን ንቕሓቶም ዘበርኽሉን ዕድል ዝፈጠረ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ነቲ መደብ ክውን ንምግባር ንዝጸዓሩ ኣመስጊኑ።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ዞባ ሶማናዊ ቀይሕ ባሕሪ መንእሰይ ሱሌማን ዩሱፍ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት'ቲ ቅነ ኣብ ምኽሳኻስ ባህልን ክብሪታትን ሕብረተሰብን ሰውራን ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ገሊጹ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ ክልተኡ ፍጻመታት፡ ንዐወታት ሽልማት ተዓዲሉ።



# ድባርዋ - ሓደጋ ባርዕ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ - ምምሕዳር ከባቢ. ምስላም ብ13 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ድሕረቀትሪ ዘጋጠመ ባርዕ ጫኺ፡ ኣብ መዞሞጊን ሃብቲ ገረብን ጉድኣት ኣውሪዱ።

እቲ ኣብ እምባ መኮናት ኣብ ዝርከብ ሕሩም ሕዛእቲ ዝተኸስተ ሓደጋ፡ ብብርቱዕ ንፋስ ተደፊኡ ናብ ኣስታት 10 ሄክታር ከምዝለሓመ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ. ምስላም ኣቶ ኪዳ በርሀ፡ ህዝብን ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊን ብዝርአዩዎ ተወፋይነት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝኣተወ ገሊጹ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ኣብ መርመራ'ኳ እንተሎ፡ ካብ ዝተጓሕፈ. ቀልዒ. ዝጀንሐ ሓሞኽሽቲ ወይ ሽጋራ ክኸውን ከምዝኽእል ይእመት።

ኣብ'ቲ ቦታ ፍጻመ ዝተረኽበ ኣዛዚ. መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ካፕተን በራኺ. ተኸለማርያም ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ. ዓመት ብሸለልተኑትን ዘይሓላፍነታዊ ተግባራትን፡ ኣብ ኀኮ ገዳም ቅድስቲ ማርያምን እምባ መኮናትን ሰለስተ ግዜ ተመሳሳሊ. ሓደጋታት ከምዘጋጠመ ብምጥቃስ፡ ጠንቁ ንምጽራይ መርመራታት ይቕጽል ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ካፕተን በራኺ፡ ነቲ ባርዕ ንምቁጽጻር - ክርቲ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ንዝወሰድዎ ንጡፍ ስጉምቲ መጒሱ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ንሓደስቲ ኣመሓደርቲ ከባቢ. ስልጠና ወዲቡ

ምምሕዳር ዞባ ሶሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብ 7 ክሳብ 12 ሚያዝያ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጊንዳዕን ሸዕብን ንዝተመርጹ ሓደስቲ ኣመሓደርቲ ከባቢ፣ ኣካየድቲ ስራሕ፣ ኣካቢቲ ግብርን ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ኣብ ምሕደራ ዘተኮረ ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ስልጠና፡ ሓፈሻዊ ኣምራት ምሕደራ፣ ምሕደራ ንብረትን ሰነዳት፣ ምድላው ባጀትን ወጥንን፣ ኣፈታታትላ ኣብ ስራሕ ዘጋጥም ግርጭታት፣ ውጽኢታዊ ርክብ ኣብ ቦታ ስራሕ፣ ከምኡ'ውን ሱምጦር ስራሕን ትንተና ሓበሬታን ዘጠቓለለ'ዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ኣማኑኤል ገብረብርሃን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ስልጠና ብመሰረት ስትራተጂካዊ ውጥን ዞባ ዝተወደበ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ኣቶ ኣብብከር ኢብራሂም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዝተቐሰመ ፍልጠት ክንጽ'ቲ ውልቃዊ ንጥፈታት ንምብራኽ ዝህልዎ ኣበርክቶ፡ ሓድሕዳዊ ተመኩሮ ንምልውዋጥ'ውን ርሒብ ዕድል ከምዝፈጠረ ብምብራህ፡ ኣብ ጽሬትን ስሉጥነትን ኣገልግሎት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትግባረ ዝወጠን መደባት ሓያል ድፍኢት ከምዝፈጥር ኣረጋጊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካቢቲ ዓድታትን ኣብ ፈለማ ወርሒ. መጋቢት 2025 ከምእተኻየደ ይዝከር።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ. ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ካብ 4 ክሳብ 11 ሚያዝያ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካየድቲ ስራሕን ከምኡ ድማ ኣካቢቲ ዓዲ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ምርጫ፡ 5 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 28 ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን፣ ከምኡ'ውን 123 ኣካቢቲ ዓድታት ተመሪጾም።

ቅድሚ ምርጫ ዝተኻየደ ኣኼባታትን ኣስተምህሮታትን፡ ኣብ ንቕሓት ኣድመጽትን ኣሳልጦ ናይ'ቲ ማሕርሕን ዓቢ. ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ፡ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

# ደቡብ - ዲጋታት፡ ንኣልማዕቲ ጀራዲን ምቹእ ባይታ ይፈጥራ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ዝተሰርሓ ዲጋታት ጠቐራ፡ ምስላም፡ ብደሆን ማይ-ዝብእን፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ሩባ መረብ ኣብ ምህብታም ብዘዕበርኦ ዘለዋ ኣበርክቶ፡ ኣብ ገማግም'ቲ ሩባ ንዘልምዑ ሓረስቶት ምቹእ ባይታ ከምዝፈጠራ ተገሊጹ።

ዝ. ጸጋዚ. ብዝበእ ክጥቀመሉ ካብ ዝጀመሩ ኣብሒታውያን ሓረስቶት ዝኾኑ ኣቶ የውሃንስ ገረዝግሄር፡ ኣብ 2018 ብውልቃዊ ጻዕሩ ቃድራ ዝበረ. መሬት ቈጥቀጡ፡ ዛሕዩን መደሚዱን 8 ሄክታር ብምድላው ዝጀመሮ ስራሕ፡ ኣብ'ዚ. እዋን'ዚ. ጹሓያዊ ጸዓት ኣዋዲዱሉ ዝተፈላለየ ኣሕምልቲ ብምፍራይ፡ ንዕበሱ ብምኻን ንዕብኡ ናይ ሽቕለት ዕድላትን ቀረብ ምህርትን ኣውሓሱ ኣሎ።

ሓረስታይ የውሃንስ ኂ-ኂ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት ብምልማዕን ዝተፈላለየ ኣግራብ ብምትካልን ንዝበኡ ናብ ሓምላይ ንምቕያር ዝወሰዶ ተበግሶ'ውን ጽቡቕ ወጽኢት ተረኺብዎ ኣሎ።

ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ መድሄ ዑቕባይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ የውሃንስ ሓደ ካብ ኣብሒታውያን ሓረስቶት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ርእሲ. ምኳኑ፡ ብክኢላታት ንዝወሃቦ ሞያዊ ምኽሪ ብዝበእ ስለዝጥቀመሉ ኣብ'ዚ. ደረጃ'ዚ. ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ኣልማዕቲ ኣሰሩ ክኽተሉ ተላቢዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ.
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓንሰባ - 118 ጽጉማት ወገናት ብጥሪት ተጣዪሶም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ሓልሓል፡ ሓመልማሎ፡ ገሉብን ዒላበርዕድን ዝርከቡ 118 ጽጉማት ወገናት፡ ብዋጋ 1 ሚልዮንን 180 ሽሕን ናቕፋ ብጥሪት ተጣዪሶም።

እቶም ነፍሲ-ወከፎም ብዋጋ 10 ሽሕ ብዝመርጽዎ ዓይነት ጥሪት ዝተጣየሱ ዜጋታት፡ ብምምሕዳራት ዝተለለዩ ኲዩናም፡ ርእይ ጥዕናውን ማሕበራውን ጸገማት ዘለዎም፡ ከምኡ'ውን ኣለይቲ ስኣኑ ይርከብዎም።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ ሓላፊት ማሕበራዊ ድሕነት ወ/ሮ ገኑት ሃብተ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ደገፍ፡ መነባብሮ ናይ'ቶም ወገናት ዝመሓየሸሉ ባይታ ንምፍጣር ከምዝኾነ ሓቢራ።

ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣስማጥ፡ ሃበሮ፡ ሓጋዝን ዒላተከሌዛንን ተመሳሳሊ. ደገፍ ተገይሩ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።



ስእሊ. ሰለሞን ዓብደላ

ብኑረዲን ፋራሕ
(2ይ ክፋል)

# መንገዲ ባሕሪ በየን ኩን ይኸውን?

## ንምኒሊክ ዘሀተፍተፈ ናይ ባሕሪ ሕልሚ

እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ኣብ መንጎ ሶማልያን ኢትዮጵያን ከቢድ ውግእ እናተኻየደ እንከሎ፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርጊ ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ብርቱዕ ወራር ኣብ ዘኸየደሉ፡ ሰውራ ኤርትራ ድማ ናይ ሞትን ሕየትን ጥምጥም ኣብ ዘካየደሉ ግዜ - 1978 ዝተጻሕፈ እዩ። እንተኾነ፡ ባሕሪ ንምውናን ካብ ዓሌታት ማእከል ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ዓሌታት ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዘቖንጠ ተጻብኦታት ሓደሽ ስለ ዘይኮነ፡ ምስ ዘለናዮ ግዜ ዝተኣሳሰር ታሪኽ ከም ምዃኑ መጠን 'መንገዲ ባሕሪ በየን ኩን ይኸውን?' ዝብል ብኑረዲን ፋራሕ ተዳልዩ ብፕሮፌሰር ሰዒድ ሰመተር ዝተባህለ ሶማላዊ ጸሓፋይ ኣብ ዝቐረበ ትንተና ተተርጒሙ እዩ ቀሪቡ ዘሎ።

ንምኒሊክ ንግዝኡ ኣብዚ ጉዳይና ንድሕሪት ተመሊስና ማህደን ናይ ግዜ ክንፍትሽ እንከለና፡ ናብቲ ገማግም ባሕሪ ንምብጻሕ ሃረርታ ዝነበራ ኣብሲንያ ዝተኣሳሰር ዛንታ ዝርከብ ትግሬ እትብሃል ግዝኣት ንምስስ፡ ናብ ግዜ የሃንስ ዘይኮነስ ብደጊያት ስቡጋዲስ ወልዱ ናብ እትመሓደረሉ ዝነበረት ከባቢ 1827 ዓ.ም ንመለስ። ግዝኢ ትግሬ ዝነበረ ስቡጋዲስ ናብ ብሪጣንያዊ ንጉስ ጆርጅ ሳልሳዊ ዝጸሓፎ ደብዳቤ፡ ብሓገዝ ኤውሮጳውያን ጥራይ ዝርከብ ጠበንጃ ብምጽዋዕ ኣብሎም ክልእኩሉ ክሓትት ደርኡ። ምጽዋዕ ከኣ ሸዑ ኣብ ትሕቲ ቱርኪ እያ ነይራ። ደጊያት ስቡጋዲስ ንንጉስ ጆርጅ ወሲኹ፡ "ዓደይ ብኣስላም ገማግም ቀይሕ ባሕሪን ብቱርክን እያ ጠፊኣ። ንምጽዋዕ ካብ ቱርኪ መንጢልኩም ሓዚዋ ወይ ከኣ ንዓይ ኣረክቡኒ" ከም ዝበሎ ሰነዳት ይምስክሩ። ስቡጋዲስ ኣገላልጻኡ ይፈለ ደኣ'ምበር፡ ምስቲ የሃንስን ምኒሊክን ዝብልዎ ዝነበሩ ተመሳሳሊ እዩ። ናይ ገማግም ባሕሪ ግዝኣት ወይ ዋንነት ይግበኣና ክብሉ ኣይረኣዩን። ብዛዕባ ኣብቲ ገማግም ባሕሪ ዝርከብ ህዝቢ እውን ዝኾነ ሓልዮት ኣይነበሮምን። ምኒሊክ መንገዲ ክኸፈተሉ ክሓትት እንከሎ፡ ስቡጋዲስ ከኣ እንግሊዝ ነቲ ከባቢ ሒዛ ባዕላ ክተመሓድሮ ወይ ንዕኡ ክተረክቦ እዩ ዝሓትት ዝነበረ። ድሕሪ ስቡጋደስ ሓያሎ ዓመታት ጸኒሑ እውን የሃንስ 4ይ ናብቲ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ብሪጣንያዊ ጀነራል ጎርደን ኣብ ዝጸሓፎ ደብዳቤ



"ካብ'ተን ወደባት ብሓደ ምትሓዝ እንድሕር ዘይተኻኢሉ፡ ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ዝረኽበሉ ቦታ ክወሃበኒ ኣለዎ" ኢሉ ክሓትት ይረኣ።


ናብ ምኒሊክ ተመሊስና እንድሕር ተዓዚብናዮ፡ ደቂቑ እንከሎ እዩ ብሕልሙ ዘርኡ፣ ብር ምስ በለ ግና ዝዕጽድ ኣይረኸበን። ኣብ ገማግም ሶማል ኣብ ዝተደኑ ከተማታት ዝነበራ መንግስታት፡ ናይ ኦብዮን መጆርቲን ሰልጠናን ካልኦት ነኣሽቱ ንግስታታትን ኣብ ትሕቲ ጣልያን ወዲቖን ነይረን። ወደባት ታጁራን ኣሳብን እውን ኣብ ትሕቲ ፈረንሳ ኣትየን ነበራ። ዘይላን በርበራን ኣብ ትሕቲ ብሪጣንያ ክኣትዋ እንከለዋ፡ ምጽዋዕን ዓሰብን ከኣ ኣብ ትሕቲ ጣልያን ኣትየን ነበራ። ምኒሊክ ነቲ ብሕልሙ ዝዘርኦ ምስ ተብረብረ ሃሰስ ምስ በሎ፡ ዋላ ሓደ ዝዕጽድ ኣይረኸበን። ምኒሊክ ዓቕሉ ንጽብብጦ መሕለፊ ኣብ ዘይብሉ ጸላም ሃሰስ ክብልን ንርእየ፡፡ ኣብ ዝተሳተፎ ወግእ ዶርጋ ኣብ ኩሉ ተዓዊቱ ነይሩ። ንከተማ ሃረር እውን ተዋጊኡ ሒዝዋ ነይሩ። ናብ ባሕሪ መውጽኢ ዝኾነ ኣፍ-ደገ ክረክብ የኽእሎ'ዩ ዝበሎ ሓሳብ ሒዙ ድማ ናብ ፈረንሳውያን ቀሪቡ ነይሩ። እቲ ዘቐረቦ እማመ፡ ፈረንሳውያን ንከተማ ሃረር ክወስድዋ፡ ንዕኡ ከኣ ኣምሳያኡ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ክሁብዎ ዝጠልብ እዩ ነይሩ። ፈረንሳውያን ግን ነዚ ኣይተቐበልዎን።

ኣብ ክንድኡ ግና ኣጻዋር ብብዝሒ ክሸጡሉ ከም ዝኽእሉ ሓቢሮሞ። ነዚ እውን ቀድመኩነት ኣንበሮሙሉ። ኣጻዋር ክሸጡሉ እንድሕር ኮይኖም፡ ኣቕሑ ካብ ደገ ንምእታውን ፍርያት ናብ ደገ ንምልኣኽን ኣብ ትሕቲ ብሪጣንያ ብዝነበረ ወደባት በርበራን ዘይላዕን ክጥቀም፣ ኣብ ክንድኡ በተን ኣብ ትሕቲ ፈረንሳ ዝነበራ ወደባት ጥራይ ኣብሉ ክጥቀም ቀይዲ ገበሩሉ። ፈረንሳውያን ኣብ ግዝኣታቶም የካይድዎ ብዝነበሩ ናይ ብረት ንግዲ፡ ኣብ ፈረንሳ ልዑል ናይ ቁጠባ ምብርባር ይገብር ነይሩ። ኣብ ሓደ እዋን፡ ፈረንሳ 24 ሽሕ በዓይነቱ ኣጻዋራት ንምኒሊክ ሸይጣትሉ ከም ዝነበረት፡ ኢጣልያ ድማ ነዚ ዋሕዚ ኣጻዋር'ዚ ትቃወሞ ምንባራን መዛግብቲ የረድኡ። ናብታ "ኣረሚናዊት" ዝበልዋ ሃገር ክንደዚ ዝኣክል ኣጻዋር ክውሕዝ ከምዝኽእል እውን ይጠርዑ ነይሮም። ምኒሊክ ግና ሓይሊ ስለ ዝረኸበ፡ ግዝኣቱ ከስፋሕፍሕ ዓጋቲ ኣይረኸበን። ካብ ፈረንሳ ብዘዓደጎ ኣጻዋር ተሓጊዙ፡ ነተን ካብ ሸዋ ንሸነኽ ደቡብን ምዕራብን ዝነበራ ንኣሽቱ ንግስነታት እናደምሰሰ ናብ ሸዋ ክጽንበረን ግዜ ኣይወሰደሉን። ሳላ ኣጻዋር ፈረንሳ እናሓየለ ብምኻድ ድማ፡ መዓርጉ ካብ ንጉስ ሸዋ ናብ ንጉሰ ነገስቲ፡ ድሕሪኡ ድማ ናብ ሃጼ ደየበ። ኣብ ከባቢኡ ዝነበራ ኣብ ብሄራት ዝተመስረታ ግዝኣታት ከኣ ዓብለሉ ኣእተወን። ጠላይንን እንግሊዝን ግና፡ ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝኣተዉ ኤርትራውያንን ሶማላውያንን ብረት ክሕዙ እውን ኣይፈቕዱሎምን ነይሮም። ምኒሊክ ምድሪ ሶማል ብወራር ክሕዝ እንከሎ ህዝቢ ስለዘይተዓጠቐ፡ መከላኸሊ ኣይነበሮን።

# "ዶብ ሸዋ፡ ካብ ኢራፋይለ ክሳብ ቀላይ ቪክቶርያ"

ንዮሃንስ ተኪኡ ኣብ ስልጣን ሃጼነት ዝተቐመጠ ምኒሊክ፡ የሃንስ ፈቲዩ ዘይከኣሎ ዕጽውቲ ወደብኣልቦ ሃገር እዩ ተረኪቡ። የሃንስ ንጎርደን ዘቕረቦ ናይ ኣፍ-ደገ ባሕሪ እማመ ስለ ዝፈሸለ፡ ምኒሊክ ብወደብ ጁቡቲ ጥራይ ምጥቃም ቀጺሉ። ምኒሊክ ብዙሕ ኣጻዋር የእቱ ስለ ዝነበረ፡ ሸዋ እናገዘፈት ከይዳ። ኣብዘን ብወራር ዝሓዘን ግዝኣታት ዝነበራ ያታውያን ንግስነታት ኣፍሪሱ ናብ ናይ ኣምሓራ ባህሊ ኣርዒምወን (ባሪዩ ዝሀድኑሉ ሰፊሕ መሬት ከኣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሸዋ ኣእተዎ። ብመሸጣ ጎላዩ ካብ ዝረኸቦ እቶት እውን ብብዙሒ ዘለዎ ኣጻዋር ካብ ግዳም የእቱ ነበረ። ተወሪሩ ዝተታሕዘ ምድሪ ጋላን/ኦሮሞን ካልኦት ሓያሎ ብሄራትን ንጎቀይቶት ኣምሓራ ኣማሲሉ፤ ኑቶም ህዝቢ ከኣ ኣብ ምድሮም ጎላዩ ገበሮም)። ድሕሪ ሞት የሃንስ ከኣ ናይ ሃጼነት ማዕርግ ወሰደ።

ቅድሚ ምኒሊክ ዝነበረ የሃንስ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝተደኮነት ከተማ ንምውናን ኣዝዩ ደጽዐር ነበረ። ካብቲ ምስ ኤውሮጳውያን ዝጸሓሓፎ ዝነበረ ደብዳቤታት ሓደ፡ "ኣብ ምጽዋዕ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ክኸፍት ኣይደልን፤ ንምጽዋዕ ክወስድ እየ ዝደሊ፤" ክብል ይሰማዕ። ናብ ንግስቲ ቪክቶርያ ኣብ ዝጸሓፎ ደብዳቤ ግና፡ ቀሩብ ክለሳለስ ደረኣ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ ጽሑፉ፡ ናይ ሓባር ሃይማኖት ክርስትና ከምዘለዎ ይገልጽ'ሞ፡ እቲ 'ምድሪ በደው' ዝብሎ (ናይ ሎሚ ኤርትራ) ምስ ብሪጣንያ ክምቕሎ ከም ዝደሊ ይገልጽ። ዝኾነ ዋጋ ከፊሉ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ክሕዝ ዝነበሮ ህንጡይነት ድማ ንሓይልታት ኤውሮጳ ኣሰላኺዩዎም ነበረ። ምስ ምኒሊክ ንጉስ ሸዋ ዝነበሮ ዘይተፈትሐ ቅርሕንቲ ስለ ዘፈልጡ ድማ ንዮሃንስ ንምድኻም ፍልልያት ናይ ክልቲኦም ነጋውስ ንረብሓኦም ክጥቀሙሉ ከኣሉ። ኢጣልያ ከኣ ምኒሊክ ንዮሃንስ ዘጥቅዓሉ 5 ሽሕ ዘበናዊ ብረት ኣሰጠቒዩ። ምኒሊክ ንዮሃንስ ምስ ኣልገሶ ከኦ ነቲ ከበቢ ኣብ መንገዶም



LES INCIDENTS D'ETHIOPIE
Chef abyssin opérant une razzia

ክምቕልዎ ተማሕጺኑ። ምኒሊክ ብዛዕባ'ቲ የሃንስ ዝሀንጠየሉ ዝነበረ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኣፍልጦን ኣምርን ስለ ዘይነበሮ፡ ናብቲ ንግስነት ሸዋ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ እትጥቀመሉ ዝነበረት ወደባት እዩ ኣደህቦ ገይሩ። ንታጁራ ብወተሃደራዊ ወራር ክኣትዋን ክሕዛን ከምዘኻእል ይሕብር እሞ፡ ኣብ ዕጥቃዊ ግጭት ከይተበጽሐ ግና፡ ኤውሮጳ ኣዕጋቢ ፍትሒ ክትህቦ ተስፋ ከምዝገበረ ይገልጽ። "ንክርስትና ኣብ ክርስትና ዝተሰረተ ከም ምኻኑ መጠን ብኣስላም ክንርገጽ ኣይግባእን" ይብል። "ንክርስትና ትሓልዩ እንተ'ዄንኩም፡ ሕጂ ብዝግበር ኣርእዩ" እናበለ ከኣ ኣብ ደብዳቤታቱ ክምሕጸን ይረኣ።

ኤውሮጳውያን ንኣፍሪቃ ኣብ ዝማቓረሐሉ ግዜ፡ ምኒሊክ ብወራር ዝሓዞ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ዘይብሉ - ብኤውሮጳውያን ዘይተታሕዘ ሃጓፍን ወደብኣልቦ ዝኾነን መሬት ኣብሲንያ ሒዙ እዩ ተሪፉ። ካብዚ ንደሓር እዩ እምብኣር እቲ ዝገደደ ዓጀውጀው ዝሰማዕ። ካብ ሸዋ ክሳብ ካርቱም፡ ክሳብ ቀላይ ኒያንዛን (ቪክቶርያ) ሳምቡሩን (ኬንያ)፡ ክሳብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ቀይሕ ባሕርን ማይ ዘለዎ ኩሉ ምድሪ ኣፍሪቃ "ናተይ" ክብል ጀመረ።

ኣብ 1891፡ ምኒሊክ ናብ መንግስታት ብሪጣንያ፡ ኢጣሊያ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመንን ሩሲያን ዝጸሓፋ ካልእ ደብዳቤ ነይሩ። ናይታ ኣብ ሕልሙ ዝሰኣላ ኣብሲንያ ዶባታ ክጠቅስ እንከሎ፡ እታ ሃገር ንዘበናት ኣብ መንጎ ኣረማውያን ናይ ክርስትያን ደሴት ኮይና ከም ዝጸንሐት ይገልጽ። "ቀደም ዶባት ኣብሲንያ ባሕሪ እዩ ነይሩ። ገማግም ባሕርታትና ግና ኣብ ኢድ ኣስላምን ኣረማውያንን ኣትዩ" ድማ ይብል። ኣየናይ ገማግም ወይ ኣየናይ ባሕሪ ምዃኑ ግና ኣይገልጽን። መዓስ እዩኸ ሸዋ ገማግም ባሕሪ ነይሩዋስ ኣብ ኢድ ኣስላምን ኣረማውያንን ወዲቑ? እቶም ወሰደምለይ ዝበሎም ዘሎ ህዝብታት ከ ሶማላውያንን ኤርትራውያንን ደዮም? ከም ክርስትያን መጠን ደኣ ግዴታኡ ተረዲኡ ኾይኑ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነበሩ ኣረማውያን እንታይ ኮይኑ ወንጌል ክሰብከሎም ዘይፈተነ?

እቶም ምሕጽንታ ዘቕረበሎም ዝነበረ ኤውሮጳውያን ግና፡ ብሃይማኖት ዘይተኣሰ ብረቡሓ ባዕዳዊ መግዛእቲ እዮም ዝምርሑ ነይሮም። ምኒሊክ፡ ኣብታ ንሓለፍቲ ኤውሮጳ ዝጸሓፋ ደብዳቤ "ፈጣሪ እንድሕር ሓጊዙኒ ነቲ ክሳብ ካርቱምን ቀላይ ኒያንዛን ኩሉ ምድሪ ጋላ (ኦሮሞ)'ን ዝጸንሐ ናይ ጥንቲ ግዝኣታት ኣብሲንያ ከምልሶ እየ" እናበለ ኣብ ኣፍ-ሞት ኩይኑ ይላቦ ከምዝሎ ዝተወጽዐ ሕሙም የሀተፍትፍ። ጨሪሶም ዘይራኸቡን ምስ ኣብሲንያ ርክብ ዘይብሎምን ቦታታት እናረቖሐ እውን፡ ኢራፋይሉ፡ ቀላይ ሳምቡሩ፡ ፈለግ መረብ፡ ኣትባራ፡ ሰቲት፡ ካርቱምን ቀላይ ኒያንዛን ዶባት ኣብሲንያ ምኻኖም ይገልጽ። ህርፋን ናይ ንቦጣን ምስፍሕፋሕ ግዝኣትን ኢትዮጵያ ዝፈጠሮ ብርቱዕ ረሰናዊ ሕማም ዘሀተፍትፎ እዩ ዝመስል። ከምቲ ዝተመኞ፡ ኣምላኽ እውን ኣኻእሎ ኣይሃቦን። ካርቱም ኣይበጽሐን፤ ካብ ኢራፋይለ ክሳብ ቀላይ ኒያንዛ (ቪክቶርያ) ወይ ክሳብ ሳንቡሩ ሰራዊቱ ኣኽቲቱ'ውን ክንብጥ ኣይከኣለን። ከተማ ሃረር እትርከቦ ካብ ሶማል ሰፊሕ መሬት ኀቢጡ ግና ናብ ኣብሲንያ ጸንበሮም። ምኒሊክ ሓሊፉ፡ ክሳብ ሃጼ ሃይለስላሰ ዝመጽእ ድማ ኩነታት ከም ዝጸንሐ ቐጺሉ።

# ጸጋታት ባሕሪ

ማዕበል ሓጎስ

## ሚረር ካርፕ

'ሚረር ካርፕ' ዝተባህለ ዓሳ ሓደ ካብ ዓሌታት ካርፕ ኮይኑ፣ ምስ 'ኮሞን ካርፕ' ዝበሃል ዓሳ ይመሳሰል። እዚ ዓሳ ብፍሉይ ተዓቒሉ ዝማዕበለ ናይ ጥዑም ማይ ዓሳ እዩ። ፍልልየም ኣብ ደጋዊ ትርኢቶምን ስነ-ስርዓታዊ (genetic) ኣሰራርዓኦምን ኮይኑ፣ ሚረረ ካርፕ ዓቢን ዘንጸባርቕን መስትያት ዝመስል ቅርፊት ኣለዎ። ክንዲ ዝኾነ እዚ ዓሳ ብቐሊሉ ብምርኣይ ክነለልዮን ክንፈልዮን ንኽእል።

ብተወሳኺ ኮሞን ካርፕ ኣብ ክልተኡ ወገን ኣካላቱ ዝተመዓራረየን ስሩዕን ቅርፊት ክህልዎ እንከሎ፣ ሚረር ካርፕ ዘይስሩዕን ሓላሊፉ ልጥፍጥፍ ዝበለን ቅርፊት ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ቅርፊት ዝተፈላለየ ዓቐን ኣለዎ። ኮሞን ካርፕ ሸልሕ ዝበለ ኮይኑ፣ ሚረር ካርፕ ኩቡብ ዝበለ'ዩ። ኣብ ኩብደት'ውን ሚረር ካርፕ ዝዓበየ ይምዘን።

ሚረር ካርፕ በናዊ ወይ ደጣን በናዊ ሕብሪ ኣለዎ። የጉዳስ ኣብ ከባቢ ከብዱ ሓውሲ ብጫ ወይ ናብ ጻዕዳ ዝኸደ ሕብሪ ኣለዎ። ሕብሪ ናይ ክንፉ ምስ ሕብሪ ናይ ከብዱ ዝመሳሰል እዩ። እታ ናይ ጭራ ክንፊ ግን ሃሳስ በናዊ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ምሉእ በናዊ ወይ ቀይሕ ዝበለ ሕብሪ ኣለዋ።

ሕብሪ ሚረር ካርፕ በቲ ዝነብረሉ ማያዊ ኣከባቢ ይውሰን። ንኣብነት ኣብ ኩሬት ወይ ጸጸር ዝጠዘሎ ማያዊ ኣከባቢ ዝነብሩ ጸልማ ዝበሉ፣ እቶም ኣብ ሸኽላ ዝኾነ ማያዊ ኣከባቢ ዝነብሩ ከኣ ብርህ ዝበለ ሓሙኽሽታይ ወይ በናዊ፣ ኣብ ሰፊሕ ቦታታት ከኣ ቀይሕ ኣራንሽኒን ወርቃዊ ሕብርታትን ይውንኑ።

ሚረር ካርፕ ዋላ'ኳ ኣዝዩ ምቁራት መግቢ እንተ ዘይኮነ፣ ኣብ መብዛሕትኡ ሃገራት ፍቱዋት እዮም።

ሚረር ካርፕ ካብ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ኣትሒዙ ኣብ ንኣሽቱ ቀላያትን ራህያታትን ክዝርኡ፣ ክፋረዩን ክዕቐቡን ድሕሪ ምጽናሕ፣ ዝ. ሕጂ ሐዙሞ ዘለዉ ቅርጺ ክሕዙ ክኢሎም። ጥንታውያን መዛኩሳት ብቐሊሉ ምእንቲ ክምገብዎም ኢሎም ኣብ ከባቢ 1300 ዓ.ም ከም ዝዕቐብዎም ይፍለጥ፣ እዚ ቅርፊት ዘይብሉ ዓይነት ኣቃውማ ደማ ሒዞም። እዚ ዘቤታዊ ዝኾነ ዓሳ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ይርከብ። ኣብዚ እዋን ግን ኣብ ካልእ ከባቢታት ብሰፊሑ ተኣታትዩን ተፋርዩን ኣሎ።

ሚረር ካርፕ ዝብል ስም ማብቆሉ ካብቲ ንመስትያት ዝመስል ቅርፊት ዝወጸ እዩ። እቶም ቅርፊት ብመስርዓዊ ቅዲ ዝተሰርዑ ኮይኖም፣ ክልተ መስርዕ ኣብ ላዕሊ፣ ሓደ መስርዕ ኣብ ትሕቲ ጎድናዊ ወገን ከምኡ'ውን ሓደ መስርዕ ኣብ ከባቢ ከብዶም ደርከበ። ኩሎም ከኣ ብወርቃዊ በናዊ ዝሕብሩ ቆርበት ይፈላለዩ።

ነፍሲ ወከፍ ሚረር ካርፕ ዝተፈላለየ ኣሰራርዓ ቅርፊት ኣለዎ። ሚዛኑ ብዝምጎም ልዕሊ 27 ኪ.ግ. ክበጽሕ እንከሎ፣ ቁመቱ ኣስታት 1.13 ሜትሮ ክበጽሕ ይኽእል። እቲ ብዝዓበየ ክብረ-ወሰን ሐዙ ዘሎ ሚረር ካርፕ 51.2 ኪ.ግ. ዝምዝን ኮይኑ፣ ኣብ ሃንጋሪ ዝተረኽበ እዩ። ሚረር ካርፕ ብሓፈሻ ዝተመጣጠነን ጭፍልቕ ዝበለን ቅርጺ ኣካላት ይውንኑ። ኣብ ከባቢ መጀመርታ እንግድዓዊ ክንፎም ግን ግፍሕ ዝበለ እዩ። ርእሶም ብመጠኑ ንእሽ ዝበለ ኮይኑ፣ ንኣሽቱ ኣዒንቲ ኣለውዎም።

ሚረር ካርፕ ዓቢ ናይ ጥዑም ማይን ሓውሲ ጨዋምን ዓሳ ኮይኑ፣ ኣብ ምውቕ ዝበለ ሙቐትን ጸዑቕ ማያዊ ኣትክልቲ ዘለዎ ጥዑም ማይን ከም ውሒይዝ ኣፍላጋትን ሓጽብታትን ደርከበ። ካብ 2-29 ዲ. ሰንቲ ግሬድ ሙቐት ዘለዎ ማይ ክነብሩ ይኽእሉ። ኣብ 32 ዲ. ሰንቲ ግሬድ እውን ንሓጺር ግዜ ክነብሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዝሑል ማይን ኣዝዩ ዘይባረደን ማያዊ ኣከባቢ ክነብሩ ኣይጸገሙን።

ሚረር ካርፕ ንምምጋብን ንመፍረን ንጠፋት ዝኾኑሉ እቲ ዝማእመአ ሙቐት ማይ 20 ዲ. ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝኸውን እዩ። ሚረር ካርፕ ኣብ ጽሩይን ጥዑምን ማይ ዝነብሩ'ኳ እንተኾኑ፣ ኣብ ረሳሕ ማይ'ውን ይነብሩ እዮም። እዞም ኣዝዩ ዝማዕበለ ናይ ምስማዕ ምሽታትን ምስትምቓርን ክእለት ዘለዎም ዓይነት ዓሳ፣ ኣብ ዝምገብዎ ዓይነት መግቢ ገደብ ዘይብሎም ኮይኖም፣ ከም ማያዊ ሓሸራታት፣ ዕጹ ናይ ሓሸራታት፣ ዝተፈላለዩ ሓሰኽ፣ ልምሉም ዝኣካላቱ ማያዊ እንስሳ (mollusks) ከምኡ'ውን ደቓቕቲ ሓሰኽ (zooplanktons)፣ ኣቐጽልቲ፣ ከምኡ'ውን ቃንጫ ናይ ማያውያንን መሬታውያንን ኣትክልቲ ይምገቡ።

ሚረር ካርፕ ኣብቲ ዝተሓተ ክፋል ናይ ዲጋ ስለ ዝምገቡ፣ ክምገቡ እንከለዉ እቲ ማይ ይዝረግሞ፣ ኣብ ልዕሊ ማያዊ ሃብቲ ጉድኣት ከወርድ ይኽእል። ብመጠኑ ግዙፍ ዝበለ ኣፍ ዝውንኑ ሚረር ካርፕ ብዙሕ መግቢ ክምገቡ ይሕግዞም። እዚ ዓይነት ኣመጋግባ ኣድማዕቲ ንክኸውን ሓጊዝዎም'ዩ። እቲ ክሳብ ደረት ኣዒንቶም ዝበጽሕ ኣፎም፣ ረጒድ ከንፈር ይውንን። ቅርጺ ኣፍ ሚረር ካርፕ ከም ኩሎም ኣብቲ ዝተሓተ ጸፍሒ ዝምገቡ ዓይነት ዓሳታት፣ ንኣመጋግባኦም ዝሰማማዕ ንታሕቲ ገጹ ዝተጠወየ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ ናይ'ቲ ዲጋ ክነብሩ ኣይክእሉን'ዮም። ኣብ ጫፉ ከኣ ጸፍሒ ዝበለ ጉረሮኣዊ ኣሰናን'ውን ኣለዎም።

ሚረር ካርፕ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ግዜ ምሸትን ሰዓታት ንግሆን ንጡፋት'ዮም። እዞም ዓይነት ዓሳ ኣብቲ ምንጪ መግቦም ዝርከበሉ ጉምጉምን ብብዝሒ ጸሃያይ ዝርከበሉ ክፋል ናይ'ቲ ዝነብርሉ ማያዊ ኣከባቢን ስለ ዝመርጹ፣ ኣብኡ ይርከቡ። ስለዚ ኣብ ጉምጉም ናይቲ ቀላይ ወይ ዲጋ ዝተዘርገ ማይ ምስ ዝህሉ፣ ህላወኑት ሚረር ካርፕ የመልክት።

እዞም ዓሌት ካርፕ ዝኾኑ ዓሳ ክልተ ጽምዲ "ባርብል" ዝበሃል ጭሕሚ ዝመስል ህዋሳዊ ኣካል ኣብ ከባቢ ኣፎም ኣለዎም። እዚ ህዋሳዊ ኣካል ብሰንኪ ዋሕዲ ብርሃን ወይ ዘሩግ ማይ፣ ትሑት ተራኣይነት ኣብ ዘለዎ መዓሙቕ ናይ'ቲ ዝነብሩሉ ማያዊ ኣካል፣ ብቐሊሉ መግቢ ንክረኽቡ ይሕግዞም። በዚ መሰረት እዞም ናይ ምስትምቓር ህዋሳት፣ ዝም ዓሳታት ኣየናይ ምንጪ መግቢ፣ ኣየናይ ጠንቂ ሓደጋ ክፈላልዩዎም ስለ ዝሕግዞም ካብ ጸላእቶም ንኽከላኸሉ ከኣ ይጠቐሞም። እቲ ጭራዊ ክንፎም ቀራና ዝመስል ቅርጺ ኣለዎ።

ብሓፈሻ ኣካላቶም ወሱን ቀጻርን ዝተፈላለየ ዓቐንን ብዘለዎም ዓበይቲ ቅርፊት ዝተሸፈነ እዩ። ኣብ ከባቢ ጭራዊ ክንፎም ጸዑቕ፣ ብድሕሪት ጉርጉማይት ውሕድ ዝበለ፣ ኣብ ከባቢ ሕቖኦም ከኣ ስሉው ዝበለ ብዙሕ ቅርፊት ኣለዎም። እዚ ፍሉይን ዘይስሩዕን ኣቃውማ ቅርፊት፣ እዞም ዓሳ ብቐሊሉ ክልለዩን ተታሒዞም ኣብ መዓላ ክውዕሉን ቀንዲ ምኽንያት'ዩ። ከም ዝፍለጥ ክንፊ ናይ ዓሳ ነቲ ዓሳ ኣብ ውሽጢ ማይ ሚዛኑ ሓልዩ ክንቀሳቐስ ስለ ዝሕግዞ ዓቐን ናይ'ቲ ክንፊ ምስ ሚዛን ኣካላቱ ዝሰማማዕ እዩ። ዓይነታት ክንፊ ሚረር ካርፕ "ጭራዊ ክንፊ"፣ "ክንፊ-ደረት"፣ "ክንፊ-ጎለ"፣ "እንግድዓዊ ክንፊን" ይበሃሉ።


ሚረር ካርፕ ብደጋዊ ምጽጋይ ዝፋረዩ ኮይኖም፣ እታ ኣንስተይቲ ነቲ እንቋቑሖ ናብ'ቲ ማይ ምስ ፈነወቶ፣ እቲ ተባዕታይ ከኣ ነቲ ናቱ ዘርኢ ምስ'ቲ እንቋቑሖ ይሕውሶ። ቀጺሉ እቲ ዝተጸፍየ እንቋቑሖ መጠግጠግ ዝብል ፈሳሲ ስለ ዘለዎ፣ ምስኡ ኣብ'ቲ ወሽጢ ማይ ዘለዉ ኣትክልቲ ይጠብቖ። ድሕሪ ሸዱሽተ መዓልቲ ከኣ ባዕሎም ሓፀባሪዖም ክምገቡ ይጅምሩ። ዕምቆት ዘይብሉን ዝቑቲ ወይ ታኼላ ዝኾነን ክፋል ናይ'ቲ ዲጋ መራብሒ ስፍራኦም'ዩ።

ሚረር ካርፕ ብሓባር ዝሕምብሱ ዓሳ ኮይኖም፣ በብሓሙሽተ ወይ ልዕሊኡ ኮይኖም ይንቀሳቐሱ። እዞም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምግዓዝ ባህሪ ዘይብሎም ዓሳታት፣ ገምጋም ዕድመኦም ካብ 20-25 ዓመት እዩ። ክሳብ 60 ዓመት'ውን ብህይወት ክነብሩ ይኽእሉ እዮም።

ሚረር ካርፕ ቀልጢፎም ስለ ዝዓብዩ ኣዝዩ ዓቢ ናይ መፋረዪ ቦታን ብዙሕ መግብን ስለ ዘድልዮም፣ ብመንገዲ ሕርሻ ዓሳ ማለት ኣኳካልቸር ክፋረዩ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾኑ፣ ኣብ ገለ ሃገራት ግን ከፋርይዎም ደርእዩ እዮም። ንኣብነት ኣብ ከም መክሲኮ ዝኣመሰለ ሃገራት ኣብ ምምዕባል ሕርሻ ዓሳ ኣገዳሲ ተራ ብምጽዋት፣ ብሉጽ ዓይነት ምንጪ መኣዛዊ መግብን ናይ ስራሕ ዕድላትን ብምፍጣር፣ ዓመታዊ ልዕሊ 50,000 ቶን ይፈረ።

ቀደም ዘመን ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ናብራ ጸንከር ኣብ ዝነበረሉን መግቢ ብቐሊል ኣብ ዘይርከበሉን ዝነበረ እዋን፣ ሰባት ብብዝሒ ካርፕ ይምገቡ ምንባሮም ታሪኽ ይነግር። እዞም ዓይነት ዓሳ ኣብ መብዛሕትኡ ጥዑም ማያት ዓለምና ዘሎቑ ዝኾኑ ዝርገሐ ስለ ዘለዎም፣ ብዕቃባኣዊ ኣጠማምታ ዘሰግእ የለን። ብተወሳኺ ዝፍቱ ስለ ዝኾኑ ብዝኾኑ ዓሳ ስለ ዘይጥቀዑን ብብዝሒ ስለ ዝፋረዩን ኣብ መብዛሕትኡ ጥዑም ማያት ኣካል ዓለምና ተዘርጊሖም ደርከበ።

ኣብ ሃገርና'ውን እዞም ዓይነት ዓሳ ብብዝሒ ዝርከቡ ኮይኖም፣ ብኽኢላታት ሕርሻ ማይ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣብ ሓደስቲ ዲጋታት እናተዘርኡ፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዳርጋ ኣብ መብዛሕትኡን ዲጋታትና ደርከበ። ኣብ ከባቢ እዘን ዲጋታት ዝነብር ሕብረተሰብ ከኣ ብምግሕባር ተወዲቡ ተጠቃሚ ናይ'ዞም ዓሳታት ይኸውን ኣሎ።



ሚረር ካርፕ እናተመገበ እንከሎ



ሚረር ካርፕ



ኣብ ምንቅስቓስ ዘሎ ሚረር ካርፕ

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክኢ.ንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሸዐበት |
| 14:25 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 14:50 | መደብ ህርመት |
| 16:20 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:40 | ቀስተ ድሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ማእዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

ሪፖርታጅ


# ጽባሕ እንደልዮ፡ ሎሚ ንጀምሮ

ዳህላክ ነጋሲ

ፖሊስ ኤርትራ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምውህሃድ፡ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ኀበራዊ ንጥፈታት ከኪይድ ቀንዩ። እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ጉዳእቲ ወልፍታት፡ ምጥሓስ ሕጊ ትራፊክን ብጕጅለ ምብኣስን ኣብ



ሜጀር ንርኣዮ ተኽለ



ተመሃራይ ሰናይ መድሃኔ

ዝበሉ ዛዕባታት ዘተኩረ ኩይኑ፡ ኣብ 19 ኣብረታት ማለት - ቅድምን ድሕርን ቀትሪ ኣብ ኣዳራሽ ፖሊስ ኤርትራ ተዋሂቡ። ኣብቲ ኀበራ፡ ጉዳእቲ ወልፍታትን ሕጊ ትራፊክ ዘይምኽብርን ዘኸትልዎ ጉድኣት ከምኡ ድማ፡ ብጕጅለ ምብኣስ ዘስዕቦ ሞትን ዕንወትን ብዝንቀሳቐሱ ስእሊ እናተፈነወ ማዕረ-ማዕረኡ፡ ብኽኢላታት ሙብርሂ እናተዋህቦ ኣተኩሮ ብዘስሕብ መንገዲ ቀሪቡ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ናብ ተመሃሮ ክበጽሕ ዝተደለየ መልእኽቲ፡ ኣብ ክንዲ ብጹብጹባዊ መልክዕ ጥራይ ዝቐርብ፡ ብኣዘናጋዒ ኣገባብ ንምትሕልላፉ፡ ብጕጅለ ባህሊ ፖሊስ ኤርትራ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ማሳነድኣታት ቀሪቡ።

ደቂ-ሰብ ንዘጠቕመና ካብቲ ዘይጠቕመና ወይ ዝጉድኣና ፈሊና ናይ ምልላይን ምስትውዓልን ትዕድልቲ ተዋሂቡና እዩ። ብኣንጻር'ዚ፡ ሰብ ንሕልናኡን ሰብኣዊ ክብርታቱን ጠንጢኑ፡ ኣብ ጸልማትን መንገዲ ጥፍኣትን ክኡብር ሕርያኡ ምስ ዝኸውን፡ ብመጻኢ ዕድሉ ብምጥላዕ ዕምሩ ምሉእ ዘጣዕሶ ሕሱር ተግባር ይፍጽም። መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ጉዳእቲ ወልፍታት ከም ሽጋራ፡ ሓሽሽ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ቁማር ከምኡ'ውን ሕጊ ትራፊክ ምጥሓስን ብጕጅለ ብምብኣስን ኣብ ዝኣመሰሉ ዘይስነ-ምግባራዊ ንጥፈታት ወይ ልምዲ ምስ ዝዋፈሩ፡ መጻኢኦም ንኽትግምቶ ዘጸግም ኣይኮነን። እምብኣርከስ፡ ራእይን ትጽቢትን መንእሰያት ንኽጋዘድ፡ መንእሰያት ሎሚ ዘልዕልዎ ምርጫ ናበዮናይ መኣዝን ከም ዝመርሖም ብኣግኡ ክፈልጡ ይግባእ። ስለዚ፡ ተመሃሮ መጻኢኦም ከይጽልምትን ጉዕዞ ትምህርቶም ከይሰናኸልን ሎሚ ካብ ጉዳእቲ ልምድታት ክርሕቁ ኣለዎም ኣለዎም።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራ ሓላፊ ምድላው መጽሓትን ጕጅለ ባህልን ሜጀር ንርኣዮ ተኽለ ብዝሀቦ ዝተዋህበ ኀበራ ኣመልኪቱ፡ እቲ ክካየድ ዝቐጸለ ኣስተምህሮ ብ21 መጋቢት ጀሚሩ ብ18 ሚያዝያ ዝተዛዘመ ኩይኑ፡ ንተመሃሮ ኣብ እብረታት ብምምቕቓል ንልዕሊ 22 ሽሕ ተመሃሮ ኀበራ ከም ዝተዋህበ ይሕብር። ኣብቲ ኀበራ ኣብ ወሽጢ ከተማ ኣስመራ ዝርከባ 13 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ክሳተፋ እንከለዋ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ፡ ጉዳእቲ ወልፍታት፡ ሕጊ ትራፊክ ምጥሓስን ብጕጅለ ምብኣስን ብሓፈሻ ኣብ መንእሰያት ዝረኣዩ ጉዳእቲ ተርእዮታት ንምውጋድ፡ ንምክልኻልን ንምቕላዕን ዝዓለመ ምንባሩ ይጠቅስ። ኣብ ርእሲ'ዚ እቲ መደብ፡ ኑቶም ብስነ-ምግባር ዝተኸሰከሱ ብዙሓት ሳዕቤናት ጉዳእቲ ልምድታት ብዋዕእ ክርድኡ ወይ እኹል ኣፍልጦ ክህልዎም'ሞ፡ ብኡ ኣቢሉ'ም ድማ ካብዚ ሕማቕ ተግባራት ክሕልዉን ገዛእ-ርእሶም ክሕልዉን፡ ኑቶም ድሮ ግዳያት ጉዳእቲ ወልፍታትን ዘይእሩም ተግባራትን ዝኾኑ ድማ፡ ካብ ጌጋኦም ተኣሪሞም ካብቲ ኣትዮሞ ዘለዉ ዓዘቕቲ ዝወጽኡሉ መንገዲ ንኽናደዩ ዝሕግዞም ዓቢይቲ ኣርእስታት ዝሓቘፈ ምንባሩ ኣብሪሁ።

"ጉዳእቲ ወልፍታት ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ከቢድ ዕንወት ከም ዘኸትሉ ይፍለጥ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ኣእምሮን ኣካላትን ሰብ ዘስዕቦ ጥዕናዊ ሃስያ፡ ኣብ ማሕበራዊ ርክባት ተጸሎ ይፈጥር። እቶም ግዳያት ተመሃሮ መንእሰያት ምስ ዝኾኑ፡ ኣብ ትምህርቲ ኣድማዕነቶም የንቈልቍልን ራእዮም ይጽልምትን። ብኣውራኡ እቶም ተመሃሮ ወልፎም ንምርዋይ ኣብ ስርቂ ዓመጽ፡ ክትራን፡ ጭኡሶን ካልእን ስለ ዝጸመዱ፡ በቲ ዝጠሓስዎ ሕጊ ተኸሲሶም ናብ ፍርዲ ቀሪቦም ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ናብ ቤት-ማእሰርቲ ይኣትዉ። እቲ ማእሰርቲ ኣብ ትምህርቶምን ህይወቶምን ዕንቅፋት ስለ ዝፈጥር፡ ተመሃሮ ኣቓዲሞም ብዛዕባዚ ጉዳይ እኹል ኣፍልጦ ክህልዎም ይግባእ። በዚ መሰረት፡ እቲ ዝተወደበ መደብ፡ ተመሃሮ ሳዕቤን ጉዳእቲ ልምድታት ተገንዚቦም፡ ገዛኦም ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን እጃም ክህልዎም ዝዓለመ ነይሩ።

ፖሊስ ኤርትራ፡ 'ህዝብን ፖሊስን' ንዝበል ኣምር ብምትካል ይሰርሕ። ህዝባዊ ተሳትፎን ርእሰምትእምማንን ምስ ዘይህሉ ድማ፡ እቲ ዕማም ብዋዕእን ስሉጥን ኣገባብ ክሰጉም ኣይኽእልን። ከም ዝፍለጥ፡ ፖሊስ ኤርትራ ክልተ ዓበይቲ ዕማማት ይሰክም። እቲ ቀዳማይ ገበንን ሓደጋን ምክልኻል ካልኣይ፡ ገበን እንተ ኣጋጢሙ ኣጻፊፉ ናብ ሕጊ ምቕራብ እዩ። እምብኣርከስ፡ ገበንን ሓደጋን ቅድሚ ምፍጻሙ ኣብ ምክልኻሉ ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሓሉ። በዚ መሰረት፡ ብቐጻሊ ህዝቢ ዝኣተፎ ኣኼባታት ኣብ ብዙሕ ቦታታት ይንየድ። ብኣውራኡ ኣብዚ ዓመት ኣብ መንእሰያት ተመሃሮ ዘተኩረ ዓቢ ኀበራዊ ስራሓት ኣጠናሲና ኣለና። እዚ ክካየድ ዝቐጸለ ኀበራሰውን ኣካል ናይ'ቲ ዝተወደበ መደብ እዩ። ካብቲ ኣቐዲሙ ክካየድ ዝጸንሐ መደባት ፍልይ ዝበሎ፡ ንተመሃሮ ኣብ ክንዲ ብመደረን ጹብጹባትን ጥራይ ትሕብርሞ፡ ብዝተፈላለየ ጥበባዊ ስርሓት ብምጥቃም፡ ብሽመይ እቲ ክበጽሕ ተደልዩ ዘሎ ሓበሬታ ትዋየርሞ፡ ብሽመይ ተጠቀምቲ ይኸኑትን ካልእን ዝበሉ ሓሳባት ዘጠቓለለ ነይሩ። ካብ ተመሃሮ፡ መምህራንን ኣብያተ-ትምህርትን ዝተረኽበ ምላሽ ከም ዘረጋግጾ እቲ መደብ ዝሓሸ ኣገባብ ኣስተምህሮን ሓበሬታ ናይ ምትሕልላፍ ሜላን ከም ዘጠቓልል ክንግንዘብ ክኢልና ኣለና።" ሜጀር ንርኣዮ፡ ብዝወሃኸ ይሕብር።

'ወለዲ - ማለት ቀዳሞት መራሕቲ፡ ገዛ - ማለት ቀዳመይቲ ቤት-ትምህርቲ' እናተባህለ ብተደጋጋሚ ዝጥቀስ ኩይኑ፡ ተራ ወለዲ ኣብ ኩሉ መዳይ ኣብ ቅድሚት ከም ዝሰርዕ ሜጀር ንርኣዮ ይሕብር። መንእሰያት ተመሃሮ ጥዑይ ኣእምሮን ኣካላትን ዘውንኡን ንብሩህ መጻኢ ዘቋምቱን ንኽኾኑ፡ ካብ'ቶም ጉዳእቲ ወልፍታት ክሕለቡ ከም ዘለዎም የረድእ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ልዕሊ ኹሉ ንሓደጋን ገበንን ካብ ዘቃልዖም ተግባራት ብኣግኡ ብምርሓቕ፡ ሕጊ ክኽብሩን ብስነ-ምግባር ክሽሰከሱን ወለዲ ንደቆም ብዋዕእ ክከታተሉን ክዕጥቑን ከም ዝግብኦም ተላቢዩ።

ጉዳእቲ ወልፍታት ጠንቂ ሞትን ማእለያ ዘብሎም ሕማማትን ካብ ዝኾኑ ሓያሎ ዓመታት ኣቑጺሮም ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ካብ ዘኸትልዎ ቀጥታዊ ወይ ቅልጡፍ ሳዕቤን ንውሉድ ምስ እንዕዘቡ ጸቕጢ ወይ ዝሕታለ ስለ ዝህልዎም፡ ሓንጎል ንቡር ንጥፈታቱ ብዋዕእ ንኸየሰላስል ይዕንቀጹ። ናይ ምዝራብ ምንቅስቓስ ብትኽክል ናይ ምሕሳብ ወይ ምምዛን ክእለት ብምጉዳል፡ ንውሉድ ሰዓታት ካብ ኩነታት ከቢድ ብኣተሓሳስባ ንኽርሕቑ የገድዶ። ኣብቲ ተኣፋፊ ኩነት እቶም ግዳያት ኣብ ገዛእ-ርእሶምን ሕብረተሰቦምን ዝፍጽምዎ ተግባር ብልክዕ ከመዛዝንዎ ኣይኽእሉን። ብሰንኪ ድፍኢት ናይቲ መርዚ ከኣ ኣብ ገዛእ-ኣብሶም ወይ ከበኦም ኣዕናዊ ስጉምቲ ክወስዱ ይረኣዩ። ብሓፈሻ፡ ጉዳእቲ ልምድታት ኣብ ጥዕና፡ መጻኢ ዕድል ግዳያት፡ ትምህርቲን ምስ ሕብረተሰብ ኣብ ዘሎ ርክባትን ብኣሉታ ይጸልዉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ወሰን ከባቢታት ኣስመራ ብጕጅለ ኩይናም ዝብኣሱ፡ ከቢ ዝሀውኹ፡ ዝሰርቁን ዝዕምጹን መንእሰያት ተመሃሮ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰባትን ንብረትን ዘኸትልዎ ዕንወት ኣብ መጽሔት ህዝብን ፖሊስን ወይ ብ"ድምጺ ፖሊስ ኤርትራ" ብሬድዮ ይፍኖ እዩ። እቶም መንእሰያት ንምንታይ ፈጸምኩሞ ተባሂሎም ክሕተቱ እንከለዉ፡ መብዛሕትኦም "ብማስተ ተደፋፊአ" ክብሉ ይሰምዑ።

ብምውህሃድ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ምስ ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ዝተኻየደ ኀበራ፡ ንሰለስተ ሰሙናት ዝቐጸለ ኩይኑ፡ ኣሰታት 22,800 ተመሃሮን 104 መምህራንን ከም ዘተሳተፍዎ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ምክትታል ባህሊ መምህር ሰለሙን በርሀ ይገልጽ። ኣብቲ "ጽባሕ ንእንደልዮ፡ ሎሚ ንጀምሮ" ብዝብል መሪሕ ቃል ክካየድ ዝቐጸለ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ቅድሚ ቀትሪ 1 ሽሕ ተመሃሮ፡ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ተመሳሳሊ ኣሃዝ ዝበጽሑ ተመሃሮ ከም ዝተኻፈልዎ ይጠቅስ። "ሎሚ ብዋዕእ ተኸናኺንዎም ጽባሕ ንገዛእ-ርእሶም፡ ስድራ-ቤቶምን ሃገሮምን ንኽኾኑ፡ ንጉዕዞ መጻኢኦም ሎሚ ኣብ ቅኑዕ ሓዲድ ክጅምርዎ ይግባእ" ክብል ተላቢዩ።

ተመሃሮ ካብ ክልተ ንላዕሊ ኩይኖም ወይ ኣብ ዘይቅኑዕ መንገዲ ብሸክለታ ተወጢሖም ክንቀሳቐሱ ይረኣዩ እዮም። ብመንጽሩ፡ ድሕነቶም ዘውሕስ መንገዲን መምርሒ ሕጊ ትራፊክን ክኽተሉ ይግባእ። ሓደጋታት ትራፊክ ኣብ ግዜ ፋዱስን ምሸትን ከም ዝዘይድ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 6 ክሳብ 12 ሓደጋታት ከም ዘጋጥም ኣብቲ ኀበራ ተጠቒሱ። ካብቶም ሓደጋ ዘጋጥሞም እቶም 60% ማስበርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካሎም ከም ዘጋጥሞም ወሲኹ ተገሊጹ። ስለዚ፡ ትሕቲ ዕድመ ተመሃሮ ብሸክለታ እንተ ዘይመርሑ ይምከር ከምኡ'ውን ብኣኩብ ተደራሪቦምን ድሕሪ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን ተደገፎምን ካብ ምንቅስቓስ እንተ ዝቑጠቡ ከኣ እቲ ጉድኣት ከም ዝቐንስ ተሓቢሩ።

እቲ ኀበራዊ መደብ ንቕሓት መንእሰያት ኣብ ወልፍታትን ሳዕቤናቱን ዝተፈላለየ ዘይስነ-ምግባራዊ ተግባራትን ካልእን ክብ ዝበለ ከም ዝገበረ ተመሃሪት ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሰምእታት ተመሃሪት ማርስ የማነ ትሕብር። መንእሰያት ተመሃሮ ኣፍልጦኦም ምስ ዝዓቢ ንዘኸትል ዕንቅፋት ክብድህምን ክከላኸልዎምን ከም ዝኽእሉ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮ ኑቲ ዝተዋህበ ኀበራ ክከፈልዎ ዕድል ብምርካቦም፡ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ጸልዋኡ ቀሊል ከም ዘይከውን ትገልጽ። ከምቲ ብተደጋጋሚ መንእሰያት ዓንዲ ሕቖ ሓንቲ ሃገር ምዃናም ዝግለጽ፡ ሃገር ደማ ደምር



እኩባት ወልቀሰባት ወይ መንእሰያት እያ። ስለዚ፡ መንእሰያት ኣብ ምዕባለ ወይ ዝሕታለ ሃገር ዝለዓለ ጽልዋ ከም ዘለዎ ትገልጽ። መንእሰያት ኣብ ሕብረተሰቦም ዝህልዎም ተራ ብዋዕእ ብምግንዛበን ሓላፍነት ብምስካም፡ ሕድሪ ሰማእታት ኣብ ምዕቃብ ምስራሕ ደኣ'ምበር፡ ግዳይ ደጋዊ ጽልዋ ብምኻን ንሕብረተሰቦም ወለድን ገዛእ-ርእሶምን ሽኽም ክኾኑ ከም ዘይግባኦም ትሕብር።

ብዘመሳሰሊ ካብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-



መምህር ሰለሙን በርሀ



ተመሃሪት ማርስ የማነ

ትምህርቲ ድያእ ተመሃራይ ሰናይ መድሃኔ ብዝሀቦ ርእይቶ ከምዚ ይብል፡ "እዚ ብምውህሃድ ፖሊስን ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከልን ዝተዳለወ መደብ፡ ኣብ ምእላይ ወልፍታት፡ ሕግታት ትራፊክ ምኽባርን ኣብ ከባቢና እንዕዘቦም ዘይእሩማት ተግባራትን ብሽመይ ንከላኸሎምን ዝበሉ ዛዕባታት ዘተኩረ ነይሩ። ኑቶም ኣብ ጉዳእቲ ወልፍታትን ተግባራትን ዝተዋፈሩ መንእሰያት ብሽመይ ኣብቲ ዝኣተውዎ ዓዘቕቲ ኣፍልጦ ዝበለ ኣርእስቲ'ውን ዘጠመረ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኑቶም ኣብ ቤት-ትምህርትና ይኹን ከባቢና ዘለዉ ግዳይ ጉዳእቲ ልምድታት ዝኾኑ ተመሃሮ፡ ኣብ ቅኑዕ መገዲ ንኽበገሱ ብውልቀይ እንታይ ክገብር ከም ዝግብኣኒ ሓላፍነት ዝሰከም መደብ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ወለዲ ደቆም ካብ ቅኑዕ ሓዲድ ወጺኦም ከም ዘለዉ እንተ ፈሊጦም፡ ብቐጥታ ምስ መምህራን ርክብ ብምግባር ከኒታት ወላዶም ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክመጽእ ንኽጽዕሩ ዘተባብዕ ነይሩ" ክብል ንኣጉዳሰኡ እቲ ኀበራዊ ዕማም ይገልጽ።

ብዙሓት ሰባት ኑቲ ዘይዛዕዕሰን ዘይብልን ውሽጣዊ ጸባቑ ንምውጋን ካብ ዝዕብርዎ ጻዕራ፡ ኣብቲ ወቕቱ ሓልዩ ዝርግፍ ደጋዊ ጸባቕ ንምውጋን ዝዕብርዎ ሃለኽለኽ ይዛይድ። ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ምልኩዓት ኩይነን ንኽረኣያ ወይ ካብ መዙኡን ጹብለል ንኽብላ፡ ዝተፈላለየ ኣብ ልዕሊ ቆርበት ዝልከ መመላኽዒ ክጥቀማ ይረኣያ። ኣብዚ እዋን ውሉዓት ዘይኮና ደቂ-ኣንስትዮ እውን ሕብሪ ቆርበተን ንምቕያዕ ከፈና ከም ዝበልዓን መርፍእ ከም ዝውግኣን ይፍለጥ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ትምህርተን ብዋዕእ ብምክትታል መጻኢአን ብፍልጠት ከውሕሳ ደኣ'ምበር፡ ግዳይ ግዜያዊ ንጥፈት ክኾና ኣይግባእን። እቲ ናብ ውሽጢ ኣካላት ዝኣቱ መመላኽዒ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን፡ ኣብ ልዕሊ ጥዕናአን ብዙሕ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ሎሚ ክሽቐሓሉ ይግባእ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ


中国五矿

MCC 恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

**Position 1: Geological Manager:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contact: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

(1) Proficient in two or more geological professional software such as AutoCAD, Map Gls, Surpac, and 3Dmine;
(2) According to the construction and pre-stripping plan within the project, implement the geological related works, organize the professional survey, guide and supervise the project construction progress;
(3) Organize the preparation of all kinds of geological survey data required for mine production, be responsible for organizing the technical innovation and solve the problems during the geological survey, and actively apply the new process and new experience of geological survey□
(4) Compile geological technology management specifications, guide and supervise geological personnel to do a good job and provide accurate geological data for mining production□
(5) Responsible for supervising and guiding on-site work such as geological logging, sampling, and measurement, and conducting quality control of rock core description and sampling;
(6) Responsible for collecting and sorting geological data in the survey area, and conducting key investigations on important geological phenomena and indicators;
(7) Responsible for estimating the discovered mineral resources and submitting mineral resource reserve reports;
(8) Responsible for assisting the department manager in external communication work of the project.

**Qualification Requirement**

**Education:**
□1□Bachelor degree or above in Geology, Resource Exploration Engineering and related majors.

**Work Experience:**
(1) At least 10 years of working experience in geological fieldwork;
(2) At least 4 years of working experience in mine project;
(3) Expertise in data analysis and interpretation.

**Other skills and abilities:**
(1) Strong project management skills;
(2) Excellent communication and presentation abilities;
(3) Strong analytical and problem-solving skills;
(4) Ability to work in diverse environment.

**Language:**
□1□Language proficiency in English is required.

**Position 2: HR Deputy Manager:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contact: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

(1) Responsible for the implementation of regular Human Resource works, i.e. Screening, interviewing and hiring suitable candidates when the hiring demand arises and ensure the process is done as per standard of operation;
(2) Responsible for the signing of contract of employment and induction for new employees, and keep a personal file for each employee and make sure the employee receives proper Code of Conduct induction and safe working environment is ensured for both local and EXPAT staff;
(3) Record attendance, calculate salary and keep records of the payroll for both local and EXPAT staff;
(4) Initiate and implement performance evaluation, performance interviewing and feedback, prepare and execute performance improvement scheme and re-evaluate, suggest proper actions to be taken when performance standards are not met for both local and EXPAT staff;
(5) Process staff grievance and labor disputes, take proper actions to ensure staff rights and welfare are guaranteed, and interpersonal relations are positive to keep a good working environment;
(6) Apply and renew visas for EXPAT staff;
(7) Work closely with related government authorities and ensure all HR related activities conduct are in line with the local labor's law and SOP.
(8) Complete other tasks assigned by his/her superior.

**Qualification Requirement**

**Education:**
□1□Bachelor degree in Human Resource, English and related majors.

**Work Experience:**
(1) At least 6 years of working experience in Human Resources Management;
(2) Visa application and management working experience is preferred.

**Other skills and abilities:**
(1) Proficient in working related computer skills, such as UFIDA software, Microsoft Office / Excel /PPT;
(2) Good interpersonal relations skills;
(3) Ability to work in diverse environment.

**Language:**
□1□Language proficiency in English is required.

- **Address: Please mail your application to following two address**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**
**P.O. Box 6547 Asmara, Eritrea**
**2. Mineral Resources Management**
**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ብዕለት 29 መጋቢት ተቖጺሩ፡ ብምኽንያት ጉድለት ምልኣተ ጉባኤ ግና ዝተቛረጸ፡ ናይ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ሕጂ ውን ንኹሉ ኣባል ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን፡ ንኽሳተፍ ብጥብቂ እንዳ ኣታሓሳሰብና፡ ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ንኻልኣይ ግዜ ንዕለት 12 ሚያዝያ፡ ልክዕ ሰዓት 3:00 ድ.ቀ ክካየድ ምዃኑ ንሕብር።

TEL: 122193

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ወ/ሮ ለተብርሃን ፍስሓጽዮን መሓሪ ዝተባህልኩ፥ ብውርሲ ካብ ዝተረኸበ፥ ኣብ ዓዲ ኣብይቶ ዝርከብ ኣብ ማስተር ፕላን ዘይብሉ ተደኳ ናይ ጥሻ ገዛ ብስም ነ/ሄር ካሕሳይ ወልደጋብር ዝኾነ፥ ካብ ሸየጥቲ ሰብ ብጽሒት ወረስቲ ሃብታይ ካሕሳይ ወልደጋብርን ወረስቲ ህንጻ ካሕሳይ ወ/ጋብርን፥ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ብምሓዝ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ወይ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር፥ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሓዙ ይቕረብ።

ለተብርሃን ፍስሓጽዮን መሓሪ

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨንፈር ሓፈሻዊ ትምህርቲ ፎቶ ኮፒ ፕሪንተራት፡ ፋክስን ዓመታዊ ጽገና ን2025 ኣውዳዲሩ ክሸግርት ስለዝደለየ ንግዱሳት ሕጋውያን።

ተሳተፍቲ ክማልእዎ ዘለዎም፦

- ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን መንነትን ፎቶ ኮፒ ምቕራብ የድሊ
- ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቤ/ጽ ቁ20 ይኽፈት።
- መኽበሪ ጨረታ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ (CPO) ይተሓዝ።
- ተወሳኺ መግለጺን ዝርዝራዊ ሐበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቴለፎን 200593/123749 ተወከሱ፥

ሚ/ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨንፈር ሓፈሻዊ ትምህርቲ 4 ናይ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣረምቲ ማሽናት ዓመታዊ ጽገና ን2025 ዓ/ም ከምኡ'ውን ንዘቐጽል ዓመታትን ዓመታዊ ጽገናን ሰርቪስን ዘካይድ ክኢላ ክሸግርት ስለ ዝደለየ ንጉዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተሳተፍቲ ክማልእዎ ዘለዎም፦

- ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን መንነትን ፎቶ ኮፒ ምቕራብ የድሊ
- ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸኣሉ ዕለት ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቤ/ጽ ቁ20 ይኽፈት።
- መኽበሪ ጨረታ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ (CPO) ይተሓዝ።
- ተወሳኺ መግለጺን ዝርዝራዊ ሐበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቴለፎን 200593/123749 ተወከሱ፥

ሚ/ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ነ/ሄር ለምለም ሃብተ ሰለሞን ብሂወት ከላ ኑቲ ኣብ ዳዕሮ ጳውሎስ ን/ዞባ ጋሽ ፍሒ ዞን 1 ብሎክ ቁ.60 ፓርሰል F ስፍሓት መሬት 465.75 ቀንዲ ክፍልታት 5 ሓደ ክሽን ሓደ ዓይኒ ምድሪ ዘጠቓለለ ካብ ሰወአ ወዳ ብርሃ ሓደሽ ሓይለ ብውርሻ ዝረኸብዎ ገዛ ንዖና ን2ተ ደቃ 1.ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃም መንግስ 2.ኣቶ ኢሳቕ ኣብርሃም መንግስ ኽኸውን ብዕለት 29/07/2014 ዝፈጸመትልና ወህብቶ ናብ ስምና ክመሓሰልፍ ስለ ዝደለና ነዚ ዝቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃም መንግስ

ንግስቲ ኣድሓኖም ተኽለ ዝተባህልኩ ኣብ ዞ/ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዳዞ ከበኢ-ዚፕ- ኮድ 18123 ጎደና ወዲ ጆባ ፕሎት 17 ፓርሰል G ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM 019051-1 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነት ዝተረኣገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝሸጥክዎ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ክግሓሰልፍ ስለ ዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፡ ዓደግቲ ክግሐሰልፍ ስለ ዝደለኹ ዝቃወም ኣንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ዝወጸሉ ጀሚሩ ን30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መአገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተ ነይሩ ውሳኔ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ ካዳስትራልን ይቕረብ።

ንግስቲ ኣድሓኖም ተኽለ

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዞባ/ማእከል ዕዳጋ እኽሊ

ሳባ ተኽለኣብ ገብረኣብ፥ ኣቦና ተኽለኣብ ገብረኣብ ጊላሚካኤል ስለ ዝዋረሬ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳና ከምኡ'ውን ወላዲትና ወ/ሮ ኣምለሰት በርሀ ናይ መጀመዲ መሰላ ይተሓለወላ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢት ይቕረብ።

ወ/ሮ ምንያ ኣስገዶም ዕምራይ፥ ስም ወላዲተይ፥ ለተርፋኤል ደመር ምባል ተረፉ፥ ለተርፋኤል ኪዳንማርያም ዝዋገ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን7/5/2025 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢት ይቕረብ።

ኣቶ የናስ ኣርኣያ ኣደይ ኣለፋሽ በርሀ ሮኸሩ ስለ ዝዋረሬት ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳና ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም ኣንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢት ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ናትናኤል ተወልደ ሓይሎም ምባል ተረፉ፥ ደክኣሎ ተወልደ ሓይሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን10/4/2025 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሊና በረኸት ኪዳነ ምባል ተረፉ፥ ኤልዳና በረኸት ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዒዳ ኸሊፋ ዓሊ ምባል ተረፉ፥ ኣፍራሕ ከሊፋ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣሰግይት ዳኒኤል፥ ኣቦይ ዳኒኤል የውሃንስ ስለ ዝተሰውአ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን16/5/2025 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይለ-ገብረማርያም-ወልደገብሪኤል፥ ሓፍተይ ማርያም ገብረማርያም ወልደገብርኤል ስለ ዝዋረረት ኣነ በይነይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወላዲተይ ነፍ/ሄረት ለተንስአ ማዕቀቢ ወልዱ፥ ብዕለት 13/02/2018 ኣብ ቀዳማይ ቤ/ፍ/ዞ/ማእከል ብምቕራብ ኣብ ዞ/ማእከል ከ/ኣስመራ፥ ን/ዞባደ/ምዕራብ፥ ከባቢ ጸጸራት ፕሎት 69 ቁ/ፓርሰል ASP00003730 ፓርሰል 1Z ዚፕኮድ ጸጸራት 1A181-ብመለ/ቁ/ንብረ/56184/92744 ሕጂ ብመለ/ቁ/ንብ/1:007235 ብስማ ተመዝጊቡ ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ፥ ኣነ ኣመልካቲት ድማ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ሐዙ/ዛ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፥ እንተዘየሎ፥ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ዘንበሽ ወልደኪዳን ተምበሳ

## ምልክታ ጨረታ

ሚ/ፋይናንስ ንስራሕ ዝጥቀመለን 3 መካይንን 2+ ሞተር ሳይክልን 4+ ናይ ባዙሪ ብሸክሊታ፡ ንምሕጻብን ምጽርራይን (ላቫጆ) ምልካይ ግርሶን ምሳኡ ዝከይድ ኣገልግሎትን ዝሁብ ትካል ኣውዳዲሩ ውዕል ክኣቱ ይዕድም።

ተሳተፍቲ ትካላት ክማልእዎ ዘንብርዎም ቅጥዕታት

1.ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ ዋና ትካል ከምኡ ድማ ናይ ዓመት 2023 ካብ ዕዳ ናጻ (Clearance) ዝወሃብ ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ ሰነድ ፎቶ ኮፒ የቕርቡ።
2.ተሳተፍቲ ናይ መሳተፊ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ሰነድ ጨረታ ብምኽፋል ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ሓደ መዓልቲ ቀጺሉ ዘሎ መዓልቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳር ክወስዱ ይኽእሉ።
3.ተሳተፍቲ፥ ጨረታ ንምስታፍ ድሕሪ ጨረታ ምፍጻሙ ዝምለስ መኽበሪ ጨረታ 500.00 ናቕፋ (ሓሙሽተ ሚእቲ ናቕፋ) ኣብ ክፍሊ ሕሳብን ፋይናንስን ብጥረ ገንዘብ ወይ ከኣ ብቸክ ይትሓዙ።
4. ተሳተፍቲ ናይ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታታሊ መዓልታት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳር ብኣካል ዝተዓሸገ ፖስታ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰኒዖም ክቕርቡ ይኽእሉ። ኣብ መበል 10 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናስ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተሳተፍቲ ይኽፈት።
5.ተወሳኺ መብርህን ዝርዝራዊ ሓበሬታ ምስ ዝድለ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ኣካል ዕድግን ጽገናን ኣቶ የናስ ኣማኑኤል 07279638 ምውካስ ይከኣል።
6. ሚኒስትሪ ፋይናንስ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ።

ኣድራሻ
ሚኒስትሪ ፋይናንስ
ክፍሊ ምምሕዳር ፋይናንስ
ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ኣካል ዕድግን ጽገናን
ኣቶ የናስ ኣማኑኤል 07279638
TEL 200238-120815

## ምልክታ ጨረታ

መ/ቤ/ት ጋሽ ኣብ ቀጽሪ ቤ/ት ዝርከብ ናይ ሕርሻ መሬት ኣሳታፊ ከተሪ ስለ ዝደለየ ንኩሎም ጉዱሳት ተሳተፍቲ ይዕድም።

ክማልእዎ ዝሕተቱ ቅጥዕታት

1. እዚ ናይ ሕርሻ መሬት ንኣእካልን ኣሕምልትን ምልማዕ ጥራይ ይፍቀድ።
2. ንጨረታ ዘድሊ መምርሕን ቕጥዕን ሓደ ሽሕ ናቕፋ (1000.00) ተመላሲ ዘይኮውን ብምኽፋል ካብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ምውሳድ ይከኣል።
3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸአ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ተሳተፍቲ ሰነዶም የቕርቡ። ጨረታ ንጽባሒቱ ኣብ ዘሎ ግዜ ተሳተፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ሰዓታት ስራሕ ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ይኽፈት።
4. ንዘቕርብ ጽሑፋት ብስም ኣብ ዝተዓሸገ ሰታሪት ወይ ፖስታ ይቕረብ።
5. ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ቤ/ት/መ/ደ/ጋሽ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምምጻእ ወይ ብቁጽሪ

ስልኪ 181393 ብምድዋል ክትሓቱ ትኽእሉ፥
N.B ቤት ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ናይ ምምሕያሽ ወይ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ ኮይኑ ብጨረታ ኣይግደድን እዩ።

# ልቦናኻ ፍልስፍናኻ

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ዓንኬል ሓሳባት

12 ክፋል

> *“ዕላማ ሓቀኛ ትምህርቲ ንተማሃሮ መጐታውያን ሓሳባቲ ዝኸኑ ምምሃር እዩ።” - ማርቲን ሉተር ኪንግ*
>
> *“ኣንፈት ትምህርቲ ንመጻኢ ሀይወት ተማሃሮ ይውስኖ።” - ፕላቶ*

መጐታዊ ኣተሓሳስባ ትርጉም ዘለዎ ሀይወት ኣብ ምንባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንዚገታት ሓለፍቲታውያን ይጉብርዮ። ኣብ ተማሃሮ ዘለዎ ረብሓ ድማ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንተማሃሮ ኑቲ ዝማሃርዎ ክውድንዎን ዚያዳ ክርድእዎን ይሕግዞም።

ሓያሎ ሰፋሕቲ መጽናዕቲታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሕማቅ ኣጋጣሚ ኮይኑ ዝበዝሑ ካብ ተማሃሮ ዓለምና፡ ንመጐታዊ ኣተሓሳስባ ብዋጋቱ ኣይፈልጥዎን እዮም። ማሰርሕ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ክትግበር እንተ ኾይኑ፡ ተማሃሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስቲታት ብዕምቈት ናይ ምሕሳብ ክእለት ክጥርዩ ይግባእ። ኣብ መደምደምታ ንኽበጽሑ ኸኣ፡ ርትዓ ክጥቀሙ ኣለዎም።

ተማሃሮ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዋላ ዓበይቲ ሰባት መጐታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምምዕባል ጸገም ይረኣየም እዩ። መምህራን ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ መምርሒ ከውጽኡ እንከለዉ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ውልቀ ሰባት ዘሎ ተወህቦ፡ ክእለት፡ ምርጫታት፡ ... ኣብ ግምት ከእትውዎ ይግባእ።

መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንተማሃሮ ካብ ዝሀቦ ረብሓ ሓደ፡ ንተኣማንነት ምንጪ ሓበሬታኦም ዚያዳ ንኽበርብሩ ስለ ዝድርኾም እዩ። እዚ ንጥፈት እዚ፡ ኑቲ ዝተማሃርዎ ዚያዳ ናብ ወሻጦም ከስርጽዎ የኽእሎም።

ሓደ ሰብ ትርጉም ዘለዎ ሀይወት ክስተማቅር ናይ ብሉጽ ባህሊ እንተ'ልዩዎ፡ ኑዩም ብቑዓምን ዝሰርሖም ሰጉምቲታት መረጋጺ ክፍደየሉም ይግባእ። መጐታዊ ኣተሓሳስባ ብፍላይ ንተማሃሮ ብዕምቈት ዝመራመሩ፡ ንሓበሬታ ዝትንትኑን ኣብ ጽቡቕ መደምደምታ ዝበጽሑን እዩ ዝጉብርዮም።

ተማሃሮ ኣብ ማስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ብንጥፈት ክዋስኡ ክተኣዝዙ ኣለዎም። እንታይ ዓይነት ክእለት ከተግብሩ ከም ዘለዎም ክመራመሩ ይግባእ። ተማሃሮ ኣብ መማሃሪ ክፍሊ ኣትዮም ተሓቲኖም ንመምህራኖም ዝሰምዑን ዝሽምድዱን ጥራይ ክኾኑ የብሎምን።

ተማሃሮ ንኡቦም ኮይኖም ንህዞም ክጠቕሙ እንተ ኾይኖም፡ ኣብ ትምህርቶም ብዕምቈት ተመራመርቲ ክኾኑ ይግባእ። ነንዝተማሃርዎ ጥራይ ብዘይዝኸሉ ሕቶን ርእይቶን ዝቕበሉ ተማሃሮ እንተ ኣፍሪና፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ ከም እቲ ዝድለ ኣድማዕቲ ኣይኮኑን እዮም።

ንፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ዝተፈልየ ቅዲ ኣመሃህራ እዩ ዘለዎ። ክንዲ ዝኾነ፡ ተማሃሮ ብኣድማዕነት ንኽምሃሩ ዝተፈላለዩ ናይ ምምሃር ስትራተጂታት የድልየም። ድሌት ተማሃሮ ዝተፈላለዩ ምኳናም፡ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

ኣብ እዚ መዳይ፡ ሓደ ተማሃራይ ንድሕሪ ባይታ ሓበሬታ ዘይርድኦ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ እቶም ዝማሃርዎም ኣርእስቲታት ብዕምቈት ክሓስብ ኣይክእልን እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ትምህርቱ ተጉዳኣይነት የጉድል።



እሞ፡ ብእኡ መጠን ኣብ መማሃሪ ክፍሊ ዝበርቦ ተሳታፍነት ይጐድል።

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ንኣድህቦ ተማሃሮ ክብ ምባል ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን ዝሓትት። ተማሃሮ ሓንሳእ ትምህርቲ እንተ ሰልኪዩዎም፡ ኑቲ ዓይነት ትምህርትን ኑቲ ኑታ ዓይነት ትምህርቲ ዝምህር መምህርን ምሕሪ እዮም ዝጸልእዎም። እቲ ጽልኢት ብእኡ ጊዩሩ እንተ ተሰበልዎም፡ ኑዩም ተማሃሮ ናብ ንቡር ኩነታት ክትመልሶም ከቢድ ጻዕሪ ይሓትት።

ሊቃውንቲ እዚ ብምግንዛብ፡ ንጡፍ ተሳታፍነት ተማሃሮ ኣብ መማሃሪ ክፍሊ ንኽህሉ ዝድርኹ ሜላታት ኣመሃህራ ኣብ ምምሃዝ ዝከኣሎም ደኺዖሙ ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ ኣብ እዚ ኣርእስቲ ዘተኮሩ ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታውያን ጽሑፋት ቀጺሊ ይሕተሙ ኣለዉ።

እቲ ቀንዲ መፍትሒ ኮይኑ ዘሎ እምበኣር፡ ተማሃሮ ኣብ ማሰርሕ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝስተፉ ምግባር እዩ። እዚ ቀሊል ማሰርሕ ኣይኮነን። ሓደ መምህር ንፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ብሞገስ ናይ ምሕጋዝ ግዴታ ኣለዎ። እዚ ፈለጡ ተማሃሮ ኣብ መዳይ ምርምር ዝጽመዱሉ ባይታ ኣቕዲሙ ክምድምድ ይግባእ።

መምህራን ኣብ ምምዕባል መጐታዊ ኣተሓሳስባ ክይተሓጸሩ፡ ኣብ መዳይ ተፈጥሮኣዊ ተገንዘቦን ባህርን ተማሃሮ እውን ትፅዙብስዮም ክብ ክብሉ ትጸቢት ይግበረሎም። እቲ ቀዳማይ፡ ተገንዘቦኣዊ መዳይ ናይ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንኣፈታትኣ ጸገም ዘመልክት እዩ። ብመንጽሩ እቲ ባህርያዊ መዳይ ናይ መጐታዊ ኣተሓሳስባ፡ ኑቲ ኣብ እቲ ማሰርሕ ንምስታፍ ዝግበር ጻዕሪ እዩ ዘመልክት።

ግደ ሓቂ፡ ክእለት መጐታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ፋልማይ ግዜ ብቐሊዕ ክሰራሕ ብዙሕ ትጸቢት ኣይግበርን እዩ። እዚ ማሰርሕ ልምምድን ጻዕርን ዝሓትት እዩ። መብዝሕትኡ ትርጉም መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንተፈጥሮኣዊ ግንዛበ ከም እውን ባህሪ ናይ እቲ ማሰርሕ የጠቓልል።

እቲ ተገንዘቦኣዊ መዳይ ንኽእለት ምርዳእ ጸገማት ከምኡ እውን ንኽእለት ምጥቃም ርትዓዊ ንምንዳይ መፍትሒታት የመልክት። ንኽእለት ትንታነኦውን ምግትትን ድማ የጠቓልል።

ባህሪ መጐታዊ ኣተሓሳስባ፡ ደርኺት ንኣፈታትኣ ጸገማት እዩ። እዚ ንመጐታዊ ክፉትነትን ኣስተንትኖ ንምጥርጣርን የጠቓልል። መጐታዊ ክፉትነት ንክዕሉ ድሉውነት ንሓደሽ ሓሳባት ክትሰምዕ የመልክት። ካብኡ ናብ ምምዃም እቶም ሓሳባት ትሰግር። ኣብ መወዳእታ ኑቲ ኣተሓሳስባ ተማሓይሾ እሞ፡ ብዝዕባ ሓደሽ መርትዖ ከተቕርብ ከም ዘለካ ኣብ ግምት ተእትዎ።

ኣስተንትኖ ምጥርጣር ንኣብ ተመኩሮኻ ምምሃርን ንዘርኸብኮዮም መርትዖታት ኣብ ምልክት ሕቶ ምእታውን የመልክት። ሓደ ሰብ ካብ ተመኩሮኡ ዘይመሃር እንተ ኾይኑ፡ ተመሳሳሊቲ ጌጋታት እናፈጸመ እዩ ዝነብር። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ገዛእ ርእሱን ኣብ ካልኦት ሰባትን ሰፍ ዘይብል ዕንወት ከውርድ ዘለዎ ተኽእሎ ምሕር ሰፊሕ እዩ።

ንዘርኸብኮዮም መርትዖታት ብዘይዝኸሉ ሕቶ ትቕበል እንተ ኾንካ፡ ኣተሓሳስባኻ ክምዕበል ኣይክእልን እዩ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ጌጋ ክትወድቕ እውን ትኽእል ኢኻ። ኑቲ ዝረኸብካዮ መርትዖ ንምጠልካ ክትማራመረሉ ጽቡቕ እዩ። ብዋዱሙ ወይ ብማዕዶ ክትርእዮ እንከለኻ ቅኑዕ ዝመስለካ ሓደ መርትዖ፡ ናብ ወሻጡ ኣቲኻ ብዕምቈት ምስ እትመራመረሉ፡ ጌጋ ኮይኑ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ክንዲ ዝኾነ፡ ንመርትዖታት ናይ ምምራጽን ምውድዳርን ብቐዓትካ ክብ ከተብሎ ጽቡቕ እዩ።

## መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር

ኣብ ምምሃር መጐታዊ ኣተሓሳስባ ካብ ዘጋጥሙ ጸገማት ሓደ፡ ምብጋሽን ምትግባርን ማሰርሕ መጐታዊ ኣተሓሳስባ እዩ። እቲ ማሰርሕ ካብ መምህራን ዝጠልቦ ኣለዎ። እወ መምህራን ኣብ ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተፈላለዩ ኣገባብ ክጥቀሙ ኣለዎም። ፍልጠት ትግባረ ገለ ኣምራት እውን የድልዮም እዩ።

ኣገዳሲነት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ክእለት ኣመሃህራ፡ ኣምር ምፍልላይ (differentiation) እዩ። ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ብዝተፈልየ እዩ ዝማሃር። ሓደ መምህር እዚ ሓቂ ሐዙ እዩ ናብ ክፍሊ ክኣቱ ዘለዎ። ገለ መምህራን ኑዩም ንፋዓት ተማሃሮ ጥራይ እናጠመቱ ንቕድሚት ዝውንጨፉ ኣለዉ። ንሳቶም ኑዩም ዝድኸሙ ተማሃሮ ክሰልዩ ወይ ክተኣዝዙ ከም ዘለዎም ዝምልከቶም ኮይኑ ኣይስምዖምን እዩ። ገለ መምህራን ኑዩም ማእከሎት ተማሃሮ፡ ሐዞም ንቕድሚት ክሰጉሙ ሀርዲግ ዝብሉ ኣለዉ። ካልኦት መምህራን ኑዩም ዝድኸሙ ተማሃሮ ጥራይ ክሰልዩ ክብሉ፡ ኑዩም ንፋዓት ተማሃሮ ክሰልክዩ ይረኣዩ እዮም። እቶም ንፋዓት ዝበሃሉ መምህራን ግዱ ንኹሎም ዓይነት ተማሃሮ ኣብ ግምት ኣእትዮም እዮም ዝምህሩ።

ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ናይ ባዕሉ ዝተፈልየ ተጉዳኣነት ኣለዎ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሓደ መምህር ንያታዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ገዲፉ፡ ዘመናዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ክኽተል ይግባእ። ዘመናዊ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲ ናይ ብዙሓት ሊቃውንቲ ዝሓለፎ እዩ።

ዝዙመናውያን መምህራን ቀጺሊ ንማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝምልከት ስልጠና ይወሃቦም እዩ። ኣብ ርእሱ፡ ኣብ ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዞም ዝተፈላለዩ ናውቲ እውን ይዓጥቑ ኣለዉ። እቶም ናውቲ ንተማሃሮ ብቐሊሉ ኣብ ምርዳእ ሓገዝቲ ምኳናም



ዝተማስከረሎም እዮም። ተማሃሮ ካብ ብኸልሰ ሓሳብ ጥራይ ክተረድኦም፡ ብዮንበሪ ኣሰኒኻ ክተረድኦም እንከለኻ እዮም ዚያዳ ዝስዕቡኻ።

ንተማሃሮ ቅድሚ መጐታውያን ሓሳቢቲ ክትጉብሮም ምሕላንካ፡ ድሕሪ ባይታኦም ብዕምቈት ክተጽንዖ ይግባእ። ንድሌውትን ተጉዳኣነትን እቶም ተማሃሮ ምጽናዕ የድልየካ። በዚ ማሰርሕ መምህራን ንፍልልዩ ተማሃሮኦ ኣብ ግምት ኣእትዩ ንቕዲ ኣመሃህራኡ ከመዓራሪ ትጸቢት ይግበረሉ።

ብድሕሪ እዚ፡ ንተማሃሮኡ መጐታዊ ሓሳቢቲ ክገብሮም ኣይጽግሞን እዩ። እቲ መምህር ንፕሮጀክት ማሰረት ዝገበረ ኣገባብ ኣመሃህራ ክኽተል ይኽእል እዩ። እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ናይ ሓደ ዕማም (assignment) ንፍሉይነት ነፍሲ ወከፍ ተማሃሮ ኣብ ግምት ከተእቱ ዘፍቅድ እዩ። እዚ ንትሕዝቶ፡ ማሰርሕን ናይ መወዳእታ ውጽኢትን ዘጠቓልል እዩ።

ኣብ ፕሮጀክት ዘተኩረ ኣገባብ ኣመሃህራ ሃናጺ ሞዴል ኮይኑ ንብርክት ዝበሉ ክእለታት የጠቓልል። ሓደ ካብ እቶም ክእለታት ከኣ መጐታዊ ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ጽኑዕ ወሰን ትሕዝቶ ዓውድታት ምትኳርን ፍልጠት ምኽዕባት ጥራይ ምትኳርን ንመላእ እቲ ተማሃራይ ኣብ ምህናጽ እዩ ዝጸቅጥ።

እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ “ምህሮ-ብ-ተግባር” (learning–by–doing) ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ስያመ ዝሃበ እቲ ህቡብ ፈላስፋን ቀለም ጸሓፍን ጆን ደወይ እዩ። እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ኣብ ማሰርሕ ምምሃር ምስትምሃር ተማሃሮ ኣብ ክንዲ ልኡማት ዝኾኑ፡ ዚያዳ ንጡፋት ንክኾኑ ዝድርኽ እዩ። ተማሃሮ ምስ ናይ ብሉጽ ጸገማት ዓለም ክገጥሙ ተብዮት ክጥርዩ ክሕግዞ ይግባእ። ምእንቲ'ዚ፡ እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ ንእታታት መጐታዊ ኣተሓሳስባ የጠቓልል።

ኣብ ፕሮጀክት ማሰረት ዝገበረ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ተማሃሮ ኣብ ፕሮጀክት እናሰርሑ እንከለዉ ንኣተሓሳስባኦም ንኽስፍሕዎ ዘተባብዕ እዩ። እዚ ዕማም ክፉት-ዝኣንፉ እዩ። ንኣገባብ ኣፈታትኣ ጸገም፡ ምርምርን ርትዓዊ ምቕራብን ከኣ ይሓትት።

መጐታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዕድመ ዝተኣሳሰር የብሉን። ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ብቐዓት ናይ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ኣእምሮኣዊ፡ ስምዒታዊ፡ ኣእምራዊ ከምኡ እውን ረቀቕቲ ክእለታት ኣለዎ።

ኣብ እቲ ፕሮጀክት ማሰረት ዝገበረ ኣመሃህራ፡ ተማሃሮ ኑቲ ኸጋስ ምስ እቲ ሽቶ እናነጻጸሩ ክዮምሞሙ ይተባብዑ። መብዝሕትኡ ግዜ ፕሮጀክትታት ብማሰረት ጉዳያት እዩ ዝነደፉ። እዚ ኸኣ ወየም ተማሃሮ ክገልጽዎ የድሊ። እዚ ዓይነት ኣመሃህራ፡ ኑቲ ንተማሃሮ ኣብ ግዳማዊ ዓለም ዘድልዮም ክእለታት የደንፍዕ።

ተማሃሮ ኣብ እቲ ማሰርሕ ክሳተፉ እንከለዉ፡ ኣብ ዳሕረዋይ ሀይወቶም ዝሕግዞም ዓሚቕ ርድኢት ትሕዝቶን ክእለትን የማዕብሉ። ብርክት ዝበሉ ሰ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ፕሮጀክት ማሰረት ዝገበረ ኣመሃህራ ንርድኢት፡ ዓወት ከምኡ እውን ጽምዶ ኣብ ከሊ ብዙሓት ዓይነታት ትምህርቲ እንኮላይ ማሕበራዊ መጽናዕቲታት ከደንፍዕ ይኽእል።

እቲ ኣብ ፕሮጀክት ማሰረት ዝገበረ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ተማሃሮ ንፍልጠቶምን ክእለቶምን ኣብ ተግባር ንኽጥቀምሉ ሰፊሕ ዕድል እዩ ዝፈጥረሎም። ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ መጐታዊ ኣተሓሳስባን ጽምዶን እቶም ተማሃሮ እወታዊ ለውጢ ይገዝፍ።

እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር ኣብ እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ኣምር ጉጅለ ስራሕን ምትሕብባርን ኣብ ምምዕባል ፍታሕ እዩ። እዚ እዩ እምበኣር፡ ንመጐታዊ ኣተሓሳስባኦም ዚያዳ ዘርኽቦ።

> *“ምሀሮ ዝበሃል ሰብ፡ እቲ ንኸበድቲ ነገራት ቀሊል ዝገብር እዩ።” - ራልፍ ዋልዶ ኢመርሶን*
>
> *“ከም እትኽእል እንተ ሓሲብካ ትኽእል ኢኻ፡ ከም ዘይትኽእል እንተ ሓሲብካ እውን ቅኑዕ ኣለኻ።” - ሜሪ ካይ*

**ይቕጽል**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሕልምስ ኣይፍረስ እባ

10:00 ድ.ቐ.
28 መጋቢት 2025



ክትፍቀርዶ ከተፍቅር ይምቅር? እትብል ሕቶ፡ ብዙሕ እዋን ምስ ሰባት ተካትዓኒ ነበረት። ዘዕግበኒ መልሲ'ውን ረኺበላ ኣይፈልጥን።

ሓደ ከምዚ ከማይ ነዛ ሕቶ መልሲ ዝደለየላ መንእሰይ፡ ናብ ሓደ ለባም ሰብኣይ ከይዱ ነዛ ሕቶይ ሓተቶ። ወየ ለባም ሰብኣይ፡ "ርግቢት፡ ብየማናይዶ ብጸጋማይ ክንፋ ዝያዳ ትብርር፧" ክብል ነቲ መንእሰይ ብምሕታቱ፡ ሕቶ ክንሳ ንሕቶይ ትምልስ ኰይና ረኺበያ። ፍቕሪ እምበኣር፡ ከምቲ ርግቢት ብሓደ ክንፋ ዘይትበርር፡ ፍቕሪ'ውን ብሓደ ወገን ኣይምቅርን እዩ።

ሳንዳይ ብዘይ ሰላምታ ትኽ ኢለ ናብ ጉዳየይ ኣትየ። ኣብ ሕማቕ ስምዒት ኣብ ዝህሉወሉ እዋን ዘንጸባርቖ ባህሪይ ብምኻኑ ኵነታተይ ምግማት ኣየሸግረክን እዩ። ኣብ ፍቕሪ ዘሎኒ ሕልምን እምነትን ዘብቅዐ ክመስል፡ ውሽጠይ ባዶነት ይስምዖ ኣሎ። ክገርመኪ ሕጂ ምስ ኣሚን እየ ጸኒሐ። ኵሉ ዘነበረኒ ሕርቃነይ፡ ጓሂ ውሽጠይ፡ ምስቲ ቀሩብ ዝስዕረኒ ዝነበረ ንብዓተይ እናተቓለስኩ እየ ነጊረያ። ንዓኣ'ውን ኣጨኒቑያ እየ። "እንታይ ድዩ መሲሉኪ፡ ሓቅኺ ኢኺ ክትሓርቒ። ይግብኣኪ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ፍቕሪ፡ ልዕሊ ነቲ ሰብ ምኽሳርካ ወይ ከይትኽስሮ ምፍራሕካ፡ ሕልምታትካ ከይፈርሱ ኢኻ ትፈርሕ። ሕልምና ክፈርስ ከሎ ንኸሉ ህይወትና እዩ ዝጸልዎ። ሕጂ ግን ህድእ ኢልና ንሕሰብ። ንውሳነ ኣይትተሃወኺ፡" ኢላ መኺራትኒ። ክገርመኪ ሳንዳይ ሕልምታትካ ካብ ምፍራስ ዘጉሂ ከም ዘየለ በዚ ናይ ሎሚ ኵነታተይ ገምጊመዮ።

ፍቕሪ ኣድኪሙኒ። ኣብ ፍቕሪ ምድካም ስንፍና እዩ። ናይ ወትሩ ቃለይ እዩ፣ ንስኺ'ውን ትፈልጢ ኢኺ። እንተ ሕጂ ግን ልበይ ባዕላ ክትደክም ይፍለጠኒ ኣሎ። ፍቕሪ ቀላሲ ህይወተይ ደኣ እምበር መኣዝነይ ከጥፍኣለይ ኢለ ኣይግምቶን እየ። ከምዚ ምስ ረኸበ እዩ ሓደ ደራሲ፡ "ሰላምን ጣቕዒትን ብሓደ ኢድን ብሓደ ሰብን ኣይከውንን፡" እዩ ዝበለ።

ሳንዳይ ባዶነት ተሰሚዑኒ ከሎ እየ ዝሕንጥጥ ዘለኹ። በቃ ሕጂ ስቕ ክብል መሪጸ። ኣብ ስቕታ ዝርከብ ፈውሲ ድማ ክፍትኖ ደልየ። እንተ ነቲ ጾር ፍቕሪ ኣብ በይነይ ኣራጊፋ ዘላግስ ዘሎ ፍቱወይ፡ ልበይ ዕረፍቲ ትጽበ ምህላዋ ክገልጸሉ ምደለኹ። ሓይሊ'ሞ ካበይ ይምጻእ።

Be.s

## ትበርስ መዓልቲ

31 ሓምለ - ከረን -

ብጽሕቲ ክበሃል ክልተ ዓመት ተሪፈናኒ። ዓመት ዓመት ንዘዋህልሎ ዘለኹ ናይ ምንባር ዓቕሚ ንኸማዕብል ኣብ ጉዕዞ ኣለኹ። መበል 15 ትማሊ ተወዲኣ፣ ሎሚ ፈላሚት ናይ 16 ዓመተይ እያ። ክትቀራረብ እንከላ ዝኾኖ ከመይ ኣቢለ'የ ክነግረኪ? ኵሉ ምለይ'ዩ ዘበራብር። ንኹብዕላ ዘሎ ሸበድበድ ናይ ገዛና ካልእ መኣዝን ናይቲ ሓጕሰይ'ዩ። ብድሮ ዝጀመርኩዎ ጸብጻብ ሕሉፈይ፡ ገሊኡ የስሕቐኒ፡ ገሊኡ 'ስንኺ ንኸሲ' ይብለኒ። ናይ መወዳእታ ጌጋ ክትኩነለይ'የ ዝምነ። ትምክሕቲ ከይመስለኪ ዳየረይ። ጭንቂ ስርሑ ኣይገድፍን እንድዩ፣ ኣብ ዝዘረዓኒ ቅነ ዘይምምካተይ ሕመቐይ ተቐቢለዮ'የ። ስዕረትካ ምቕባል ኬፍ'ዩ ዝህበኒ። ካብ "ብስንኪ...." እናበልካ ግናይ ምጽባሕ፡ እታ ዝተቐረበት ምቕማስ ትሓይሽ። ሕድገት ዝህበሉ ኣርእስቲ ሓንቲ'ያ ዘላ። መዓልታ ኣኺሉ ክምስታይ ከም ጨራ ጸሓይ ኣብ ትርኢቱ ከዕልበሉ፡ ንእኡ'ውን ጌጋኡ ክርዳእ ተኽእሎ ትኸውን። "ዘይኣፍቀርክኒ" እናበለ ደስታይ ከብርረለይ መዓስ ደስ ዘብል ኰይኑ። ሰላም ዘይበልክኒ እናተባህለ ክንደይ ሓሊፉ። መቸም ዘይማዕቐንካ መዓስ ይኣኽለካ፣ ዓቐኑ ዝተፈላለየ መላግቦ ከመይ'ሉ ይላገብ? ውህደት ስለ ዘየለ ለውጢ የለን። ኡ...ፍ ቅጭ ኣብ ክንዲ ናይ መበል 16 ዓመተይ ዘዕልልክስ...። ከምዛ ኣብ እምኒ ዝተወኞረ ዝርሳዕ ኣይስመለንን።

ገዛና ብመብራህቲ ተሰላሊማ መዓልተይ ከተእንግድ ወቓቒባ። በታ ኣብ መጽሓፍ ጽላሎት ሻህራዛድ ዘላ ሓትነይ ሻሻ ዝጠመቕኩዋ ሓትነይ ዝቐንእት'ያ ትመስል። ኣበይከ ኢላቶ። ንዓይ ተበሂሉ ዝተሸመተ ኵሉ ተዋዲዱ። መደባተይ ጅምር ከብል ዕዱማት መሓዙተይ ከም ዝደንጉዩኒ ተዘኪሩኒ። ዘይመጽኣስ እዚ ደስደስ ሓለፎ። ዳየረይ ዘርጠብ-ጠብ እናተበህለ ገዛ ዓሚራ። ሕጉስ'የ ኢለ። ካርቶሊና ሰናይ ትምኒት ፈልፊሉ። ኣብ መወዳእታ ንዘሎ ምግምጋም ከኣ መፋናዊ ኣላትኪ። ክሳብ ሽዑ ጸጽብቑ ንዓይን ንዓኽን።

ኣርሱ

## ወግዒ ኣብ ትዕዝብቲ

ሓሙስ - 02 ጥሪ 2025
10፡00ድ.ቐ.



ከባቢ 'ሽዳ' ብዒፍዒፍታ ዳርጋ ተሓጸበ። እቲ ኣብ ዝባነይ ዝወርድ ዝነበረ ዛሕሊ፡ ንጸሊም ጃኬተይ ከጠልቒየ ጀመረ። ድምቀት መብራህቲ ጕደናታት ብሓይሊ እቲ ዒፍዒፍታ ናብ ንእሽተይ ቀልዒ ወረደ። እዚ ኵነታት ኣየር'ዚ ጽባሕ ጾመ-ኣርባዓ ከም ዘይረኽቦ ዘኪረ፡ ኣብ ፊት ባር ዚሊ ዝርከብ ናይ ጕደና ኮፍ መበሊ ኮፍ ኢለ ግዜ ከስተማቕሮ ጀመርኩ። ሃንደበት ከኣ ቶስት እናመንጨተ ጽርግያ ስጊሩ ናባይ ዝመጽአ ኰይኑ ተሰመዓኒ።

"ኣብዚኣዶ ምሳኻ ኮፍ ክብል፡" በለኒ ናይ ቶስት ወረቐት እናገንጸለ።

"ቅድም ካብታ ትብልዓ ዘለኻ ኣጕርምጨኒ፡" በልኩዎ ርእሰይ ደፊአ ከየላልየኒ። ቀሊሕ ኢሉ ብኣግርሞት፣ ግን ከለልየኒ ኣይከኣለን። ምብልዑ ኣመንጕው ኣቢሉ፡ "ጽንሓኒ በል ግዚኣ ከምጽኣልካ፡" ኢሉ ብግስ በለ። ስሙ ጸዊዐ መለስኩዎ።

"መቸም ነዚ ዘይክፈሎ ተፈጥሮኣዊ ኵነታት ኣየር ኣጸቢቕካ ኢኻ ትጥቀመሉ። ረቢሽካ ግን ከይከውን?" በለኒ ቦርሳኡ ካብ ዝባኑ ኣውሪዱ ዝጸሓየ ኪፍኪፍታ እናነገፈ።

"ኣይረበሽካንን። ነዚ ዝበልካዮ ብሓንሳብ ኬንና ክንካፈሎ እንክለና ዝያዳ'ዩ ዝጥዕም፡" በልኩዎ ኣእዳወይ እናፋሕፋሕኩ።

"ሓንቲ ግጥሚ እንዲኻ ኣዘኪርካኒ። ምስዚ ኵነታት፡ ንበይንኻ ኮፍ ምባልካ ገለ፣ ከንብበልካ'የ። ቅድም ግን ፍርቃ ከንብበልካ፣ ምስዛ ዘለኻያ ትኽይድ ኰይና'ያ ትስመዓኒ። ትፈልጣ'ውን ትኸውን ኢኻ፡" ኢሉ ካብ ቦርሳኡ መጽሓፍ ኣውጺኡ ከንብብ ጀመረ፤

(....) መጋረዲ ዘየድልዮ
ህዱእ ኪፍኪፍታ
ተፈጥሮኣዊ 'ሎሽን'
ናይ ሰማይ ሰላምታ....
ምስ ጸነሓ፤ ጽላላ ዓጺፋ
ጸጉራ ዘርጊፋ
ተፈኣቶ ኵማር እህህታ፤
"ድሕሪ ከቢድ ነውጺ
ህድኣት ኣሎ
ብዓል ዓቕሊ ዝኽእሎ!"

ነቢባ፤ ካብቲ ድሮ ሃዲኡ ዝቐጸለ ተፈጥሮ።

ኣንቢቡ ወደአ።

"ድሕሪ ዝናብ፣ ካብ መጽሓፍ 'ድሕሪ ዝናብ' ናይ ኤፍሬም ሃብተጽዮን (ወዲ ገደ)። ክገርመካ ኣብዚ ኮፍ ምስ በልኩ ነዛ መጽሓፍ ዘኪረያ፣ ዋላ ነታ ግጥሚ። ኣነ ግን ብኻልእ ኵርናዕ'የ። ኣብቲ መመረቕታ ነዛ ግጥሚ ዘንበባ፡ ቅድሚ ምንባቡ ዝተጠቐመሉ ኣገላልጻ፡ ኣብዚ ጽርግያ ጽላሎት ምስ ረኣኹ፡ በጨቕታ ናይ ጕማ መካይን፡ ኣብ ቬትሮ ዝዓለበ ሃፋ ርእየስ ንግርማይ ኣብርሃም ዘኪረዮ፡" ኢሉ ዕላል ኣንዋሕኩ።

ጸኒሑ፣ "ጽናሕ'ሞ ነዛ ፎውሲ ቍሪ ብልዕ ብልዕ ክብላ 'ርሑስ ሓድሽ ዓመት' ክብለካ'የ፡" በለ፣ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናበለኒ። ተጸበየ። ምስ ወደአ፡ "ኣነስ ነዚ ሓድሽ ዓመት ኣይጽንብሎን'የ፡" በልኩዎ ከዛርቦ ኢለ። ገጹ ጽቡቕ ከም ዘይጸነሐ ለሚን ከም ዝመጸወ ተጨማደደ።

"እንታይ ከፊኡኒ ኢልካ፡" መልሰይ ክሰምዕ እናደለየ።

"ዕለት ብግእዝ'የ ዝቖጽር፡" ስምዒታቱ ርእየ መለስኩሉ።

"ስለምንታይ ኢና ጽቡቕ ዘይንዛረብ? 'ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይግበረልካ' ኢለካስ ኣብ ክንዲ ኣሸሓት 'ኣሚን' ጓል መገዲ ተምጽእ። ኣይትገብሮሩዎን'ምበር ንግሆ ንግሆ እንዶ 'ብሩኽ መዓልቲ ይግበረልካ፡ ካብ ዝወፈርካሉ ብሰላም ንቤትካ ይምለስካ፡ ኣብ ስራሕካ ውዑይ ናይ ስራሕ ወኒ ይጽናሕካ' እንዶ በሉኒ፡" በለኒ ዕትብ ኢሉ።

"ሓቅኻ፡ እንተ ዝልመድ ክንደይ ድንቂ ምኾኑ፡" ዝተዛረቦ ዘረባ ባህ እናበለኒ። ብገርህይ ዝበልኩዋስ ቍምነገር ገይሩ።

"እሞ ከነላምደኩም እንተ ደለና እዚ ዝበልካኒ'ንድዩ መልሲኹም ብዓል ዕንዱ፡" ኢሉ ባዕሉ ብሰሓቕ ክርትም በለ። ኣነ ጻዕዳ ሰሓቑ ርእየ ካዕ ካዕ በልኩ።

"ሳላ ዘምጻእኩኻስ ስሒቐ'ኺ! ቅድሚ ምኻድካ በል ድራር ኣጋብዘኒ ናይ ሓድሽ ዓመት፡" ድራር መንፈስ'የ ኢለዮ ዳየረይ።

መቓልሕ እናተፈጥረ ኣብ ውሽጠይ፡ "ዕለት ናይ ዝተቐየረ ኣነባብራኻ ኣይቕየርን'ዩ፣ ክሳብ ንስኻ ዘየተቐየርካ። ኣብታ ሓዳስ ደቂቕ ንህይወትካ ዝቕይርን ነቲ ዝነበረ ኸኣ ዘሐስድስ ሓድሽ ሓሳብ ኣመንጪወላ'ሞ ተኽእሎታትካ ብዕጽፍታት ክዓቢ'ዩ። ኣካላት ምንዮታትካ ብተግባር ገይርካ ህይወት ምስ እትስኹዓሎም፡ ዕብየት ብዕለታት ዘይኩነስ በቲ ኣብ ደቓይቕ እተሰላስሎ ስራሕ ከም ዝዕየር ብዓይንኻ ክትርኢ ኢኻ፡" በለኒ መኣዝን ጭሕሙ እናደረዘ።

እዮቤድ ተስፋብሩኽ

29 ሕዳር 2024
04:04 ድ.ቐ. - ኣቑርደት

◆ ◆ ◆

ተዓብሊኹ'የ። ዕፍን፣ ድፍን፣ ግስም፣ ህጥም! ትም! - እንድዕ'ሉ፡ ነዊሕ ኰይኑ። ቀንጢመንጢ፡ ሸማጢጡ ህይወተይ መናኒሁዎ፣ ዓዲ ኣርሒቐ። ካብቲ ህድኣተይ፡ ተስፋይ፡ ሕልመይን ትርጉመይን ዝዓረፈሉ፡ ዝዓኹኹሉ ኣርሒቐ - ናብ ርሑቕ ዓዲ።

እቲ ቀደም፡ "ንሓደ ወርሒ ካብዛ ዓለም ክገይሽ'የ፡" ኢለ ክዕዘር እብህግ ነይረ፤

"ኣብዛ ዓለም እናሃለኻ ናበየናይ ዓለም ክትገይሽ? ካብዛ ዓለም ወጺእካ ዝግየሽ ሓንሳእ እዩ። ብኣኻ ዝውሰን መገሻ'ውን ኣይኩነን?" ሕቶ ድዩ መንተ ዘይነጸረ ድቦላ ደርበየ ዓርከይ።

ጠሚተዮ ትም ኢለ።

ከም ኣናጡቓ ኤልያስ፡ ከም ኣሳውራ ሄኖክ፣ ነይረ-ዘይነበርኩ፡ ከም ቋሕ ሰብ ህልም፣ ኣብቲ ዝደለኹዎ ብጽሒ ክብል ብሂገ። ሓደ ሓደ እዋን ዝሕኩር ንዝመሰለካ ጎቦ፡ ማዕዶ ከጠምተካ ዝበሃግካዮ ጎቦ ትሓኽሮ ትጅምር። ኣብቲ ገለኡ፡ ምሕኳሩ ትርጉም ትስእነሉ፣ ኣብቲ ገለኡ ከኣ ጫፉ ምስ በጻሕካ ንቕድሚ ዘይኩነ ንድሕሪት ዘማዕድወካ ኰይኑ ምስ ጸንሐ፣ ናብቲ ናትካ ጉልጉል፡ ናብቲ ናትካ ዕምቈት፡ ናብቲ ናትካ ብራኽ ክትምለስ ምስ በልካ ዘይከኣል ይኾነካ። ምናልባት ንግዜኡ፣ ምናልባት'ውን ንሓዋሩ፣ ንሓዲኡ ኣብኡ ሓኹረ ኣለኹ።

ወዲ ጃብር

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ይቕጽል

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ቀዳም 12 ሚያዝያ ዓሰራይ ግጥሙ ቀጺሉ። ጸወታ፡ ፍርቂ መዓልቲ ብጐጥም ኩብንያ ህንጻ ሰገን ዕዱጋ ሓመሰን እዩ ፈሊሙ። ምኩራት ተጻወትቲ ኩብንያ ህንጻ ሰገኑ ኣተን ኣብ ብቐዓተን ለጠቕ ኢለን ዝርከብ ዕዱጋ ሓመሰ ብጠፈሕ የሰጐንኦ። ቤተልሄም ዘኪያስ ሱፐር ሃትሪክ ክትሰርሕ ከሎ ዓና ዑቕባይ ድማ ሃትሪክ ሰሪሓ። በዚ ደው ዘይብሉ ኩብንያ ህንጻ ሰገኑ ካብ ትሑሰቲ ኣብራሃሊይ ሓንቲ ሹቶ ብምውሳኽ 8-ብ0 ተዓዊተን። ተጻዋቲት ቤተልሄም ዘኪያስ ካብ ኩብንያ ሰገን ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ኮይና ተረቒሓትኡ።

ቀጺለን ናብ ሜዳ ዝወረዳ ሓይሊ ኣየር ምስ ኢ.ንሹራንስ እየን። ኢ.ንሹራንስ ድሕሪ ናይ 30 ደቒቕ ጸወታ፡ ብመገዲ ፍትሓዊት ማጆር ብዘርከበቶ ሹቶ 1-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኢ.ንሹራንስ ካብ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ክልተ ሹቶታት፡ ብመገዲ ሄርሜላ ቴድሮስ ድማ ሓንቲ ሹቶ ብምውሳኽ ጸወታ 4-ብ0 ተዛዚሙ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ድማ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ተሸይሙት።

ኣብ መወዳእታ ደንደን ምስ ጎዳይፍ እየን ተራኺበን። ግጥም ናይዘን ክልተ ጋንታታት ካብ ፈለማ ዝመጣጠን ኣይነበረን። ደንደን ኣሲ ከም ትወጽእ ርዱእ ነበረ። ካብ ኢልሃም ዓብደልቃድር ኣርባዕተ ሹቶ ማለት ሱፐር ሃትሪክ፡ ካብ ፍቓዱ ጉዳም ሰለስተ ሹቶታት፡ ካብ ምሲጋና መሓሪ ክብረት ሓይልኣብን የርዳኖስ ካሕሳይን ድማ ሓሓንቲ ሹቶ ብምምዝጋብ ደንደን ንጎዳይፍ ብጠፈሕ 10-ብ0 ኣሰኒያታ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ድማ፡ ካብ ጋንታ ደንደን - ኢልሃም ዓብደልቃድር ተረቒሓ። ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ግጥማት፡ ደንደን 30 ነጥቢ፡ ኢ.ንሹራንስ 27 ነጥቢ፡ ኩብንያ ሰገን 24 ነጥቢ ብምውህላል ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዘን ከም ዘለዋ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ኣብ ከተማ ከረን፡ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ውድድር ብሽክለታ ይቕጽል



ኣብ ከተማ ከረን፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝፈለመ መማዝኒ ብቕዓት ውድድር፡ ሰንበት 13 ሚያዝያ ብርክት ዝበሉ ተዓዘብትን ኣፍቀርቲ ብሽክለታን ኣብ ዝተረኽብሉ ብድምቀት ተኻዪዱ።

ውድድር፡ ኣብ መንጎተን ጽዑቕ ልምምድን ምድላውን ከካይዳ ዝቐነያ ጋንታ ሻሉቱ፡ ሬድ ሲ፡ መጎዓዝያ፡ ገዛ ጥንዱ ኣዜል ከምኡ'ውን ናይ ውልቂ እዩ ተኻይዱ። እቲ ውድድር፡ ካብ መጀመርታ ስፖርታዊ ምትህልላኽ ዝተራእየሉ እዩ ነይሩ፣ ኑቶም ብዝረርታ ክጸንዑ ዘርፈዱ ተዓዘብቲ ድማ ዘፃጉብ ነበረ። ተወዳደርቲ ኑቲ ሃሩርን ጸቕጥን ዝመልኦ ኩነታት ኣየር ተጻዊሮም ክደምቁ ተራእዩ። ኣብ ራብዓይ ካታጎሪ (ህጻናት)፣ እሰይ ደሳለ ካብ ጋንታ ኣዜል፡ ኣብ ሳልሳይ ካታጎሪ፡ ሰለሞ ምሩጽን ኣቤል ታደሰን ካብ ጋንታ ሻሉቱ፡ ኣብ ካልኣይ ካቲጎሪ ሩኒ መሴ ናይ ውልቂ ጴጥሮስ ሙሉጌታ ካብ ጋንታ መጎዓዝያ፡ ኣብ ቀዳማይ ካታጎሪ ህያብ ኣማንኤልን የናታን እድሪስን ካብ ጋንታ ሬድ-ሲ ብልጹ ብቕዓት ኣንጸባሪቖም። ኤሽን ታደሰ ካብ ጋንታ መጎዓዝያ ድማ ኑቲ ካብ ጋንታ ሬድ-ሲ ዝፍነወሉ ዝበረ መጥቃዕቲ ኣብ ምቁጽጻርን ምክልኻልን ብዘርኣዮ ብቕዓት ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ረኺቡ። ኣብ መዛዘሚ ድማ ካብ ካታጎሪ 'D' እሰይ ደሳለ ኣሰበዶም ንመወዳደርቱ ሰዒሩ ተዓዊቱ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ሰለስተ ተቐዳደምቲ ኣብ'ቲ ውድድር ንምስታፍ ኣብ ዝነበርኦ ዝበራ ልምምድ ማህሰይቲ ስለ ዘጋጠመን ካብ ውድድር ተኣልየን። መዚት ኪዳናይ ካብ ጋንታ ሻልኩ ድማ ኣብ መንጎ ጸወታ ብዘጋጠማ መውደቕቲ ውድድራ ኣይዛዘመትን። ኣብ መወዳእታ ድማ ሩታ ዝብርኤል ካብ ጋንታ ገዛ ጥንዱ ዕወትቲ ኮይና።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ካታጎሪ 'C' ማውንቴን ኣብ ዝተመደበሎም 44.2 ኪ.ሜ፡ ቀዳማይ ሰለሞ ምሩጽ፡ ካልኣይ ድማ ኣቤል ታደሰ ብምዃን ክልቲኦም ካብ ጋንታ ሻሉቱ ተዓዊቶም።

ኣብ ካታጎሪ 'B' ማውንቴን ናይ 65 ኪ.ሜ ርሕቐት ዝሸፈኑ ኮይኖም፡ ቀዳማይ ሩኒ መሴ ናይ ውልቂ፡ ካልኣይ ጴጥሮስ ሙልጌታ ካብ ጋንታ መጎዓዝያ፡ ሳልሳይ ኣክረም መሓመድ ካብ ጋንታ ሻሉቱ ብምዃን ኣብ ሰዓት 35.06 ኪ.ሜ. እናተሓፃበጡ ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣብ ካቲጎሪ 'A' ዳርጋ 84.5 ኪ.ሜ. እዮም ሸፊኖም። ቀዳማይ የናታን እድሪስ፡ ካልኣይ ህያብ ኣማኑኤል፡ ሳልሳይ ፈንቅል ተዓገሰ ብምዃን ሰለስቲኦም ካብ ጋንታ ሬድ-ሲ ተዓዊቶም። እዚ ውድድር ድማ ኣብ ሰዓት 38.09 ኪ/ሜ ናህሪ እናዘወሩ ውድድሮም ዛዚሞም።

## ውድድር ጋንታታት ገዳይም ኩዕሶ እግሪ ይቕጽል

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ዝተሰርዐ ውድድር ጋንታታት ገዳይም ኩዕሶ እግሪ፡ ቀዳም 12 ሉካቲት ኣብ ሜዳ ካምቦ ቺቺሮ ቀጺሉ። ገዳይም ጋንታታት ቺፖሊኒን መሎቲን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም ማዕረ ክፈላለያ እንከለዋ፡ ኤልፓ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣዱሊስ ዓወት ኣመዝጊቡ።

ፈለማ ንሜዳ ዝወረዱ ተቐናቐንቲ ጋንታታት ቺፖሊኒን መሎቲን እየን። ናብ ዕረፍቲ ድማ ብዘይ ሹቶ ኣምሪሐን። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ቺፖሊኒ ኣብ መበል 59 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ረኺበት'ሞ፡ ተቐይሩ ዝኣተወ ሄኖክ ብርሃ ናብ ሹቶ ቀየራ። እንተኾነ፡ መሎቲ እውን ጸወታ ኣብ ምዝዛሙ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ፍጹም ቅላዕ ስለዝረኸበት፡ ብመገዲ የናስ ምሕረትኣብ (ፋፋ) ናብ ሹቶ ቀየረታ፣ ጸወታ ድማ ማዕረ 1-ብ1 ተዛዚሙ። ዳንኤል መብራህቱ ካብ መሎቲ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ካብ ገዳም ተጻዋታይ ኤልፓ ነበር የማን ካሕሳይ (ኣቻዮ) ሽልማት ተቐቢሉ።

ቀጺሉ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ኤልፓ ምስ ኣዱሊስ፡ ኤልፓ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ናይቲ ጸወታ ብመገዲ ዳንኤል ገ/እግዚኣብሄር (ጓዕደየ) ብዝረኸበታ ሹቶ፡ መሪሕነት ሓዚት። ድሕሪ'ዚ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይ ምንባሩ፡ ብመሪሕነት ኤልፓ 1-ብ0 ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሑ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኣዱሊስ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ እኳ እተካየደት፡ ክሰልጣ ኣይከኣለን። ብዓወት ኤልፓ ድማ 1-ብ0 ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ኣድሓኖም ሃብተማርያም ብምዃኑ ካብ ገዳም ተጻዋቲት ኩዕሶ እግሪ ነበር ራሄል ዘራጽዮን ሽልማት ከምዝተቐበለ ኮሚቲ ገዳይም ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሓቢሩ።



## ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል

### ጋላ-ነፍሒን ዲያእን መሳጢ ጸወታ ኣንጸባሪቐን

ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 13 ሉካቲት ኣብ ሰዓታት ድ.ቀ. ኣብ ሜዳ ቦቺዮፊላ ተኻዪዱ። ፈለሙ ጋንታታት ሳልሳይ ዲቪዥን ደቂ-ኣንስትዮ ፍትሕን ደምቡ ሰምባልን እየን ተጻዊተን። ጋንታ ፍትሒ ኣብ ክልተ ሰት ጸወታ ኣከታቲላ 25-ብ15 25-ብ16 ብምርታዕ ብድምር ወጽኢት 2-ብ0 ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ተዓዊታ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዲቪዥን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ደምቡሰምባል ምስ ዲያእ ሰዒበን ገጢመን። ደምቡሰምባል ኣብ ቀዳማይ ሰት 26-ብ24 ቀጺላ ድማ 28-ብ26 ብምስዓር 2-ብ0 ተዓዊታ። ኣብ ውድድራት ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ጋንታ ዕዱጋ ሓመሰ ኣብ ቀዳመይቲን ሳልሰይቲን ሰት 25-ብ20 15-ብ12፡ ኑታ ኣብ ካልኣይቲ ሰት 25-ብ21 ዓወት ዘስተማቐረት ክንሼ 2-ብ1 ኣፋንያታ። ኣብ መወዳእታ ተሰሪዑ ኣብ ዝበረ ግጥም፡ ንጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥንዮን ደቂ-ተባዕትዮ ጋላ ነፍሒን ዲያእን ዘራኸበ ነይሩ። ኣብቲ መሳጢ ጸወታ ዝተራእየሉ ግጥም፡ ዲያእ ኣብ ቀዳመይቲ ሰት 25-ብ21 ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ ዝሰዓበት ሰት ጋላ-ነፍሒ 25-ብ16 ንወጽኢት ናብ ማዕረ ቀይራቶ። ኣብ ሳልሰይትን መፈላለይትን ሰት፡ ጋንታታት ብተቐራረቢ ነጥቢ ኣብ ዝሰገሮሉ፥ ንተዓዘብቲ ዝመሰጠ ጸወታ'የን ኣንጸባሪቐን። ጋላ-ነፍሒ፡ ብወሰንቲ መጥቃዕትታት ኣሌክሳንደር ዘርእማርያም ተሓጊዛ ኑታ ብሉጽ ጸወታ ዘርኣየት ዲያእ 17-ብ15 ብምስዓር ንወጽኢት 2-ብ1 መኸተምታ ገይራትሉ። ኣብዚ ግጥም፡ ተጻዋታይ ጋላ-ነፍሒ ኣሌክሳንደር ዘርኣማርያም ከምኡ'ውን ካብ ጋንታ ዲያእ ኣክረም ሮሞዳንን ሓምድ ዓብደልቃድርን ብሉጽ ጸወታ ኣንጸባሪቖም።

ቀዳም ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥንዮን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሳዋ ንመኸተ ከምኡ'ውን ብደቂ-ተባዕትዮ ሳዋ ንተስፋ ክንሼ ንሰሎም ሰዒረንኦን።



## ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ኣብ ከተማ ከረን ይቕጽል

### ጋንታ ኣልሳሕል ታሪኽ ሰሪሓ....

ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ናጽነት መን ጨበጠ ኣብ ዝቐጽለሉ፡ ታሪኻዊት ጋንታ ኣልሳሕል ብዘንጸባረቐቶ ብቕዓት ኣቓልቦ ተዓዘብቲ ስሒባ።

ንጸወታታት ሊግ-ዓንሰባ ብምዕባል መሪሓ ዘላ ጋንታ ዓንሰባ፡ ምስታ ኣብ ጸቡቕ ቁመና እትርከብ ኣልሳሕል፡ ሰንበት 13 ሚያዝያ ተራኺበን። ቀዳማይ እብረ ጸወታ፡ ምክልኻል ዘዕብለሎ ብምንባሩ ሹቶ ኣይተመዝገበን። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ብተኸታታሊ መጥቃዕቲ ዝተራእየ እዩ ነይሩ። ተጻዋታይ ዓንሰባ ፍትሒ ሓሰበላ ዝፈተና ዓንዲ ሃረማ ዝወጸት ቅላዕ ካብኡተን ተጠቒስቲ ነይራ። ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይ ምንባሩ ድማ፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሓ። ኣብ ዝተወሃበን ፍጹም ቅላዕ ግን፡ ጋንታ ዓንሰባ ኣርባዕተ ሹቶ ክትረክብ ከላ፡ ኣልሳሕል ድማ ሓሙሽተ ሹቶታት ብምምዝጋብ ንደገፍታን ተጻወታን ጸባ ብምስታይ ታሪኽ ሰሪሓትኡ።

ቀዳም 12 ሚያዝያ፡ ምም/ከባቢ 04 ንምም/ከባቢ 05 ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ጸወታኣ ኣካይዳ። ቀድሚ ዕረፍቲ እዘን ጋንታታት ሓሓንቲ ሹቶ ብምርካብ ብማዕረ ንዕረፍቲ ወጺኦ። ኣብ ካልኣይ እብረ ጸወታ ግን ተጻወትቲ ምምሕዳር ከባቢ 05 ሓፉለን ብምቕራብ ካብ ለውሃት ዘርኢ ጋብር 3 ሹቶ (ሃትሪክ)፡ ካብ ሳሮን ሞቕ ድማ ሓንቲ ሹቶ ብምምዝጋብ ንተጻወትቲ ምምሕዳር ከባቢ 04 ብጠፈሕ 5-ብ1 ሰዒረንኦን።

ዝሰዓበ ጸወታ፡ ንጋንታታት ኣልነስርን ኣልሂላልን ዘራኸበ ነበረ። እዚ ቀሊል ጸወታ ከምዘይከውን ትጽቢት ዝተነብረሉ ጸወታ፡ ሐደት ደቓይቕ ምስ ተላዕለ ኣልሂላል ናይ ፍጹም ቅላዕ ዕድል ረኺባ እኳ እንተነበረት ክትረብሓላ ግን ኣይከኣለትን። በዚ ተሰፉ ዝረኸበት ኣልነስር፡ ብመንገዲ ተጻዋታያ ዑመር እድሪስ ሹቶ ረኺባ፣ 1-ብ0 መሪሓ ድማ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣልሂላል ምንቅስቓሳ ኣሐየሉ፣ ብመገዲ የናስ ሃይለ ሹቶ ብምምዝጋብ ድማ ተመዓራረዩ። ድሕሪ'ዚ፡ ጸወታ ሚዛናዊ ኮይኑ እኳ እንተቐጸለ ዝተወሰኸ ሹቶ ግን ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ፍጹም ቅላዕ ድማ ኣምሪሑ። ኣልነስር 4-ብ2 ብምርታዕ ናብ ፍጻመ ምስጋራ ኣረጋጊጻትኡ።

ሰንበት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ምም/ከባቢ 02 ምስ ምም/ከባቢ 06 እየን ግጥም ኣካዪደን። ቅድሚ ዕረፍቲ፡ ምም/ከባቢ 06 ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ጽብልልታ ብምርኣይ ብዘመዝገበታ ሹቶ፡ ብናይ 1-ብ0 ወጽኢት ናብ ዕረፍቲ እኳ እንተምርሓ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ምም/ከባቢ 02 ኣይሰዓፈትን፡ እተመዓራርያ ሹቶ ረኺባት። ተወሳኺ ሹቶ ብዘይምምዝጋቡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሓ። ምም/ከባቢ 02 ድማ ብ3 ሹቶታት ተዓዊታትሉ።

ናብ ፍጻመ ዝሰገራ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ኣልነስርን ኣልሳሕልን ንዋንጫ ናጽነት ዝራኸባ ጋንታታት ኮይነን ኣለዋ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ምም/ከ 05 ምስ ምም/ከባቢ 02 ከም ዝኾና ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ናይቲ ዞባ ኣፍሊጡ።



# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ቻይና፡ ብመጥቃዕቲ ሳይበር ንኣመሪካ ከሲሳ

ፖሊስ ሰሜናዊት ምብራቕ ከተማ ሃርቢን - ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት ኣብታ ከተማ ኣብ ዝተኻየደ ስፖርታዊ ውድድራት ኤሽያ፡ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ (ኤንኤስኤ) ንኣገደስቲ ኢንዱስትሪታት ዒላማ ብምግባር መጥቃዕቲ ሳይበር ከምዘካየደ ከሲሱ።

ፖሊስ ናይ'ታ ከተማ ወሲኹ ንሰለስተ ወከልቲ ኤንኤስኤ ኣብ ዝርዝር ተደሊዩቲ ገበነኛታት ከምዝኣተወ ብምሕባር፡ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያን ቨርጂንያን ድማ ኣብ'ቲ መጥቃዕቲ ምስታፎም ኣብኡ ዘካየዶ መርመራታት ከምዘረጋገጸ፡ ኣገልግሎት ዜና 'ሺንህዋ' ብሰሉስ ዘውጽኦ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

እቶም ሰለስተ ጥርጡራት፡ ኣብ ልዕሊ ኣገደስቲ ትሕተ-ቅርጺ ሓበሬታ ቻይና ብተደጋጋሚ ሳይበራዊ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙን፡ ኣብ ልዕሊ ሁዋዌን ካልኦት ትካላትን ኣብ ዝፍጸም መጥቃዕቲ ሳይበር እውን ክሳተፉ ምጽንሖም ድማ፡ ፖሊስ ከተማ ሃርቢን ወሲኹ ገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ እተን ክልተ ዩኒቨርሲቲታት ኣመሪካ ብኸመይ ኣብቲ ገበን ከምዝተሳተፋ ኣይገለጸን።

ኣብ ቻይና ዝርከብ ኢምባሲ ኣመሪካ፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ንዝቐረበሉ ሕቶ መልሲ ካብ ምሃብ ተቖጢቡ ኣሎ።

እዚ ዝርዝር ክስታት ዝቐርብ ዘሎ፡ ዝዓበየ ቁጠባ ዓለምና ዘውንና ቻይናን ኣመሪካን ንግዳዊ ዘይምቕዳወን እናበኣሰ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ኮይኑ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብዚ ግዜ'ዚ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ቻይና ዝወሰዶ ዘሎ ዝተፈላለየ እገዳታት፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ሃገሩ ዝኣትው ቻይናውያን በጻሕቲ'ውን ናይ መገሻ መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

መንግስቲ ቻይና ብወገኑ፡ ብሆሊወድ ዝፈረዩ ፊልምታት ኣመሪካ ናብ ሃገሩ ከይኣትወ ከልኪሉ ኣሎ።



## ኣባላት 'ሞሳድ' ነበር ኩናት ቓዛ ደው ክብል ጸዊዖም




ኣባላት ትካል ስለያ እስራኤል ዝነበሩ ልዕሊ 250 እስራኤላውያን፡ መንግስቲ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዘካይዶ ዘሎ ኩናት ብቕልጡፍ ደው ከብሎ'ን፡ ጀሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ክፍትሑን ኣብ ዝጽውዕ ወግዓዊ ደብዳቤ ከምዝፈረሙ፡ 'ካን ቲቪ' ዝተባህለት መንግስታዊት ቴለቪዥን እታ ሃገር ጸብጺባ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ካብ'ቶም ነቲ ደብዳቤ ዝፈረሙ፡ ሰለስተ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ሞሳድ ዝነበሩ ይርከብዎም።

እቶም ኣባላት ሞሳድ ነበር፡ "ቀጻሊ ኩናት ቓዛ ንህይወት ጀሆ ዝተታሕዙ ወገናትናን ወተሃደራትናን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኮይኑ ኣሎ። ኣቲ ስቓይ ከኸትም ኣብ ዝኹብር ስምምዕ ንምብጻሕ ኩሉ ተኽእሎታት ክፍተን ኣለዎ። መንግስቲ ተባዕ ውሳኔታት ክወስድን ጸጥታ እስራኤል ንምውሓስ ብሓላፍነት ክዋሳእን ድማ ንጽውዕ" ኢሎም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ነቲ ኣቐዲሞም ጡረተኛታትን ኣባላት ዕቑር ሰራዊትን ሓይሊ ኣየርን እስራኤል ዝኸተምሉ - ተጻብኦታት ደው ክብልን እቶም ጀሆታት ክምለሱን ዝጽውዕ ተመሳሳሊ ደብዳቤ ደገፎም ገሊጾም ኣለው።

ብተመሳሳሊ፡ ዝሓለፈ ሰንበት እውን ኣስታት 200 ወተሃደራውያን ሓካይም እስራኤል፡ ውግእ ደው ክብልን እቶም ጀሆ ዝተታሕዙ ወገናቶም ናብ ዓዶም ክምለሱን ዝጠልብ ተመሳሳሊ ደብዳቤ ከምዝፈረሙ፡ ሓያሎ ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

እቲ ደብዳቤ፡ "ኣብ ቓዛ ዝቕጽል ዘሎ ውግእ ብቐንዱ ንፖለቲካውን ውልቃውን ረብሓታት ንምግልጋል ዝዓለመ ኮይኑ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጸጥታዊ ዕላማ ንህይወት ወተሃደራትን ጀሆታትን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ'ዩ" ኢሉ።

ሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ ደቡባዊ እስራኤል ብዘካየዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ 251 እስራኤላውያን ጀሆ ከምዝሓዘ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን እቶም 59 እስራኤላውያን ጀሆ ገና ከምዝይተለቁን ካብኣቶም እቶም 24 ብህይወት ከምዘለዉን ይእመን።

መራሕቲ እስራኤልን ሓማስን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ሰለስተ ምዕራፋት ተኸፋፊሉ ዝፍጸም ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲን ምልቃቕ ጀሆታትን ኪቲሞም ምንባሮም ይዝከር።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ቀዳማይ ናይ ሽዱሽተ ሰሙን ምዕራፍ ብ1 መጋቢት ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ክሰግር ተወጢኑ ዝነበረ ዝርርብ ደው ኢሉ ከምዘሎ ይፍለጥ።

## ኣልጀርያ፡ 12 ዲፕሎማሰኛታት ፈረንሳ ተባርር

መንግስቲ ኣልጀርያ፡ ን12 ዲፕሎማሰኛታት ፈረንሳ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ካብ ሃገሩ ክወጹ ትእዛዝ ከምዝሃበ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈረንሳ ዣን ኖኤል ባሮት ኑቲ ስጉምቲ ብምኹናን ገሊጹ።

ምስጓግ እቶም ዲፕሎማሰኛታት፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ፈረንሳን ኣልጀርያን ዝጸንሐ ዲፕሎማስያዊ ወጥሪ ኑዳዲ ክወሰኽ ከምዝኽእል እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ዝሓለፈ ወርሒ ናብ'ታ ሃገር ምብጻሕ ኣካይዱ ዝነበረ ዣን ኖኤል ባሮት፡ "ሰብ ስልጣን ኣልጀርያ፡ ነዚ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ክቃወሙዎ እሓትት ኣለኹ" ክብል ዝሓለፈ ሰኑይ ገሊጹ።

ፈረንሳ፡ ኑቲ ኣልጀርያ ኣመሓላሊፋቶ ዘላ ውሳነ ተመጣጣኒ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና ድማ፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣልጀርያ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንኣምባሳደር ፈረንሳ ኣብ ኣልጀርያ ስቴፋን ሮማቴት ብምጽዋዕ፡ ብዓል-ስልጣን ቆንስላዊ ጉዳያት ኣልጀርያ ኣብ ፈረንሳ ብዲፕሎማስያዊ ማስመራት ከይተሓበረ ብምእሳሩ ተቓውሞኡ ከምዘቕረበ፡ ብቕልጡፍ ክፍታሕ ከምዝጸወዐን ማዕከን ዜና ኣልጀርያ ሓቢሩ።

ኣኽበርቲ ሕጊ ፈረንሳ፡ ሓደ ብዓል-ስልጣን ቆንስላዊ ጉዳያት ዝርከቦም ሰለስተ ኣልጀርያውያን ኣብ ጭውያ ናይ'ቲ ኣብ 2024 ዝተወስደን ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ድማ ዝተለቐቐን ኣሚር በትርስ ዝተባህለ ተቓዋሚ መንግስቲ ኣልጀርያ ኢድ ኣለዎም ብዝብል ጥርጣረ ከሰሱዎም ምጽንሖም ይፍለጥ።



ፍሉጥ ቲክቶከር ኣሚር በትርስ፡ ካብ 2016 ጀሚሩ ኣብ ፈረንሳ ዝቕመጥ ዝነበረ ኣልጀርያዊ ኮይኑ፡ ኣብ 2023 ብመንግስቲ ፈረንሳ ፖለቲካዊ ዑቕባ ከምዝተዋህቦ ይንገር።

ኣልጀርያ፡ ንኣሚር በትርስ ብምጥፍፋእን ሽበራን ብምኽሳስ፡ ትሸዓተ ኣህጉራዊ ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝ ኣውጺኣ'ኳ እንተነበረት፡ ፈረንሳ ግን ኑቲ ውልቀ-ሰብ ኣሕሊፉ ክትረክብ ፍቓደኛ ከምዘይኮነት ይሕበር።

እዚ ኣብ መንጎ ኣልጀርያን ፈረንሳን ተፈጢሩ ዘሎ ወጥሪ፡ ድሕሪ'ቲ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮንን ፕረዚደንት ኣልጀርያ ዓብደልማጂድ ተብቡን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ናይ ተሌፎን ርክብ ምኽያዶም እዩ ዝኸሰተ ዘሎ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ክልቲኤን ሃገራት ዘለወን ኣፈላላይ ንምጽባብ ዘተ ክቕጽላ፡ ኣቋሪጸንኦ ዘለዋ ጸጥታዊ ምትሕብባር ዳግማይ ክጅምራኦ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ንግድን ወፍርን ዘለወን ሽርክነት ክሓይላኦ ተሰማሚዖም ምንባሮም ይዝከር።

## ኤውሮጳ - ኣብ 2024 ዝበዝሐ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ተመዝጊቡ

ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ብደረጃ ዓለም ኣሰካፊ ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ድሕሪ 2013 ዝበዝሐ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ከምዘጋጠመ፡ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ናይ'ቲ ኣህጉር ገሊጾም።

ኣብ 2024፡ ኣብ ኤውሮጳ ብሓደጋታት ዕልቕልቕ ብውሑዱ 335 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት ልዕሊ 410 ሽሕ ድማ ብኣሉታ ከምዝተጸለዉን፡ ውድብ ሜትሮሎጂ ዓለም ኣብ ክሊማ ኤውሮጳ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ኣፍሊጡ።

ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ዝያዳ ካልእ ክፋል እቲ ኣህጉር ከምዝተሃስየ ዘጽረ እቲ ጸብጻብ፡ ካብ 1950 ንደሓር ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ 2024 ካብ'ተን ብዙሕ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ዘተራእየለን ዓሰርተ ዓመታት ኮይና ተመዝጊባ ምህላዋ ሓቢሩ።

ብደረጃ ዓለም፡ 2024 እታ ልዑል መጠን ዋዒ ዝተራእየላ ዓመት ምንባራ ዝጠቕሱ ክኢላታት ሜትሮሎጂ፡ ኤውሮጳ ብፍሉይ ብቕልጡፍ እናወሰኸ ዝኸይድ መጠን ሙቐት ዘርኣየላ ኣህጉር ኮይና ምህላዋ ኣረዲኦም።



መጠን ሙቐት ኤውሮጳ፡ ካብ'ቲ ቅድሚ ዘመን ኢንዱስትሪ ዝነበሮ ብኣስታት 1.3 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ወሲኹ ምህላዉ ድማ፡ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ናይጀርያ - 40 ሰባት ብዕጡቓት ተቐቲሎም

ፕረዚደንት ናይጀርያ ቦላ ቲኑቡ፡ መንነቶም ዘይተፈልጠ ዕጡቓት ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገሩ ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ልዕሊ 40 ሰባት ከምዝተቐትሉ ሓቢሩ።

እቶም ዕጡቓት፡ ኣብ ክፍለ-ሃገር ፕላተው ናብ ዝርከብ ማሕበረሰብ 'ዘክ' ብምእታው፡ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ተኹሲ ከምዝኸፈቱየም ሰብ-ሓዚ ናይ'ቲ ከባቢ ዝገልጹ።

ቲኑቡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ በቲ ዝወረደ ሰብኣዊ ክሳራ ሓዘን ከምዝተሰምዖ ብምግላጽ፡ ትካላት ጸጥታ ናይጀርያ ኑቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቶም መርመራታት ከካይዱ ኣዚዙ ኣሎ።



ከምዚ ዓይነት ጸገማት ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ ናይጀርያ ኪጋጥም ከምዝጸንሐ ዝገለጸ ቲኑቡ፡ "ንቶም ናብ ከምዚ ዓይነት ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ዝበጽሑ ዘለዉ ማሰረታውያን ጉዳያት ብፍትሓዊ መንገዲ ክንምክቶምን ነባሪ ፍታሕ ክንረኽበሎምን እዋኑ'ዩ" ኢሉ።

ኣብ ክፍለ-ሃገር ፕላተው፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ተኸታታሊ መጥቃዕትታት ክካየድ ከምዝጸንሐ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ቅድሚ ሓደ ሰሙን'ውን ኣብቲ ከባቢ ኣብ ልዕሊ ዝነብሩ ማሕበረ-ሰብ ብዝተፈጸመ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ብውሑዱ 52 ሰባት ከምዝተቐትሉ የረድኡ።



Sabur Printing Services